
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.13 | ሰሉስ 16 መስከረም 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ተራ ስነፍልጠታዊ ምርምር ኣብ...



ገጽ 4
ነድሪ ጉርጉማ


ገጽ 5
"ቁሩብ እንተ ትድንጉ ...





ገጽ 8
መደባትካ ኣብ ግዜኡ...




# ደቡብ - ዓመታዊ ንግደት ኣቡነ ኣንበስ፡ ብዝተወደበ መገዲ ክስራሓሉ ጻውዒት ቀረበ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ - ዓመታዊ ዝንገድ ኣቡነ ኣንበሰ፡ ባህላዊ ፍሉይነቱን ኣብ ምምዕባል ዘቤታዊ ቱሪዝም ዘለዎ ኣበርክቶን ኣብ ግምት ኣትዩ፡ ብዝተወደበ መገዲ ክስራሓሉ ጻውዒት ቀረበ።

ባህላዊ ወግዕታት ሓቝፉ ብ13 መስከረም ኣብ ጎላጉል ሰመጃና ዝቖድድ መደብ፡ ንዊሕ ዓመታት ብህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢን ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ብዝመጽኡ ነጋድያንን ዝበጽሕ ብምዃኑ፡ ዝያዳ መሳጢ ንምግባሩ ብዕቱብ ክስራሕ፡ ተሳተፍቲ ተማሕጺኖም።

እቲ ጽንብል፡ ኣብ ምዝዛም ወቕቲ ክረምቲ ዝበዓል ብምዃኑ፡ ብዙሪ ማይ፡ ሓምላይ ትርኢትን ዕምባባታትን ወቒቡ፡ ትስፋው መንፈስ ከምዝፈጥር ድማ ደጠቕሰ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸከር ብወገኑ፡ ዓመታዊ ንግደት ኣቡነ-ኣንበስ ከም'ቲ ኣብ ምዕቃብ ባህላዊ ውርሻታት ዘለዎ ኣስተዋጽኦ፡ ኣብ ምምዕባል ቱሪዝማዊ ስሕበት'ውን ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ንዝመጽኡ በጻሕቲ ንምእንጋድን ዘድሊ ጠለባት ንምምላእን ብዝተጸንዐ መገዲ ይስራሓሉ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ናይ ሎምዘበን በዓል ኣብ ትስፋው መድረኽ ይጽንበል ምህላዉ ፍሉይ ከምዝኾኖ ዝጠቐሰ ኣቶ እድሪስ፡ ህዝቢ ዓድታት ክሳድ እምባ፡ ጨዓር፡ ዝግሬት፡




ስእሊ ፉልሞን ተኽሉ

እንዳልጉዳን ዓደ-ኣባገይን ንምምዕራጉ ንዘዘበርዎ ኣስተዋጽኦ ኣመስጊኑ።

ዓመታዊ ንግደት ኣቡነ ኣንበስ፡ ባህላዊ ደርፍታትን ትልሂታትን ብዘጠቓለለ ህዝባዊ ጓይላታትን ባህላዊ መግቢታትን ዝወቀበ፡ ያታዊ ማበቑል ዘለዎ በዓል'ዩ።

ደብሪ ኣቡነ ኣንበስ፡ ካብ ከተማ ሰንዓፈ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ 12 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ዝርከብ ኮይኑ፡ ብሶሜን እምባ ሶይራ፡ ብምዕራብ እምባ ሳይም፡ ብሶሜናዊ ምዕራብ ድማ እምባ መጠራ ተቐሪቱዎ ይርከብ።

# ምሽላም ንፉዓት ተመሃሮ እወታዊ ጽልዋ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ምሽላም ሃብርም ተመሃሮ፡ ቅዱስ ቅንኢ ዘሕድርን እወታዊ ጽልዋ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ክረጋገጽ ዝሕግዝን ስለዝኾነ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽል፡ ወኪል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም ጸዊዑ።

ኣቶ ጴጥሮስ ዝኢ ጻውዒት ዘቕረበ፡ ብ14 መስከረም ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኢሳቕ ተወልደመድህን፡ ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ - ማትሪክ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብሉጽ ነጥቢ ንዘምጽኡ 43 ተመሃሮ ንምሽላም ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘስመዖ ቃል'ዩ።

ብሉጽ ወጽኢት ተመሃራይ፡ ፍረ ልዑል ምክትታል ወለዲ፣ ድምር ጻዕሪ መምህራንን ሓያል ተጉዳስነት ተመሃሮን ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣቶ ጴጥሮስ፡ ንኹለን ብሉጻት ተመሃሮኣን ኣብ ምትብባዕ ዝተዋፈራ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምምስጋን፡ ተሸለምቲ ረኺቦሞ ዘለዉ ብሉጽ ነጥቢ ብምዕቃብ፡ ንዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ሂወቶም ብዓወት ክዛዘሙ ተላቢዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝርከብ ኣብያተ-ትምህርቲ ልምዓትን ሰምባልን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሽ-ነፍሒ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ብ13ን 14ን መስከረም ተመሳሳሊ ናይ ምሽላም መደብ ኣካይደን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጉዙጥንዳ



ስእሊ ሳሚኤል ንጉስ

እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ልምዓት ካብ 3 ክሳብ 4 ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ 39 ተመሃሮ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰምባል እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ሰምባል ድማ ምሉእ ነጥቢ ዘምጽኡ 19 ተመሃሮ ዝርከቦምም 3ን ልዕሊኡን ነጥቢ ዘመዝገቡ 64 ተመሃሮ ሸሊመን።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጋሽ-ነፍሒ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ቀ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ኢብራሂም ሱልጣን ብ14 መስከረም ኣብ ዘካየደቶ ስነ-ስርዓት ድማ፡ 58 ናይ ዲግሪ 38 ከኣ ናይ ዲፕሎም ነጥቢ ዝምጽኡ ተመሃሮኣ ሸሊማ።

# ተጋዳሊት ጺጋ ምሕጹን ተሰዊኣ

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ሓላፊት ኣሃዱ ማ/ኣገልግሎት ኲይና ክትሰርሕ ዝጸንሐት ገዲም ተጋዳሊት ጺጋ ምሕጹን ተድላ፡ ብ13 መስከረም ኣብ መበል 65 ዓመት ዕድመኣ ብሕማም ተሰዊኣ።



ኣብ ወርሒ ጥሪ 1975 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈት ተጋዳሊት ጺጋ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ህዝብን ሃማደኤን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ሃማደኤን ምምሕዳር ዞባ ደቡብን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንሃገራን ህዝባን ብተወፋይነት ዘገልገለት ሓርበኛ'ያ።

ስውእቲ ተጋዳሊት ጺጋ ምሕጹን፡ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ 4 ደቅን እያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ ድማ፡ ትማሊ 15 መስከረም ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳሊት ጺጋ ምሕጹን ተድላ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤታ፡ መቓልስታን መሳርሕታን ጽንዓት ይምነ።

# ንዞባዊ ሰላምን ኣህጉራዊ ሕግን ንሓደጋ ዘቃልዕ ዕንደራ!

ወለድና ከምስሉ፡ "ጽንብላለይሲ፡ መቐመጫእ ዘይከደኑት ምድሪ ከደኑት" ይብሉ፡፡ እዚ ኑቲ ብወገን ስርዓት ብልጽግና (PP) ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ክሰማዕ ዝጸንሐ፣ ኣብዚ ቅንያትዚ ድማ ብጾዕቂ ዝቐጸለ ሕልሚ ምውናን "ልኡላዊ ማዕዶት ባሕሪ" ብልክዕ ዝገልጽ'ዩ፡፡

እዚ ብኣዕለዋት ሰብሰልጣኑ ካድረታት፡ ዕሱባት ነጠፍቲ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ካልኦት ኣካላትን - ብመገዲ ማዕከናት ዜና፡ መደረታት፡ ድሞጾትን ካልእ ኣጋጣሚታትን ዝድጋም ዘሎ ጸዑቕ ዜናዊ ዘመተ፡ ኑቲ ዘይሕጋውን ሃዋኸን እከይ ኣጀንዳ፡ "ሕጋዊ ሃገራዊ ባህጊ" ንምምሳል ዝዋበር ምውሰዋሰ'ዩ፡፡ ብመርዚ ሓሶትን ጸውጸዋይን ዝተላዕጠጠ ጸዋ/ትረኻ ብምኳኑ ድማ፡ ንኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንዘበሓ ዞባ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ክኸውን ዝኽእል ዕንደራ'ዩ፡፡

ሰብሰልጣን ብልጽግና ሕሉፍ ሓሊፎም፡ ኑቲ ብየሎ፣ቸን ምዑጻጽ ኣህጉራዊ ሕግኑ ከምኡ'ውን ብታህዳድን ሓይልን ዝመናት ክሰምር ዘይከኣለን ተኸታተልቲ ወለዶታት ኢትዮጵያ ዝበልዐን ሕልሚ ምውናን ዘይናትካ ማዕዶት ባሕሪ፡ ከም ተፈጥሮኣውን ዘይተርፍን ገይርም ብጡራ ክዘረቡ ይሰምዑ'ለዉ፡፡ "እንተኾነ ብዲፕሎማሲ፣ እንተዘይኮነ ብሓይሊ" ክሰብ ምባል'ውን በጺሖም'ዮም፡፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት - ምስ ምምራቕ ሓዳቢ ሕዳሰ ተተሓሒዙ ከኣ፡ "ሕልሚ ሽሕ ዓመት ፈለግ ኒል መዕለቢ ረኺቡ'ሎ፣ ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ናይ ግዜ ሕቶ ጥራይ'ዩ"፣ "ቀይሕ ባሕሪ ቅድሚ ሰላሳ ዓመታት ኣካል ኢትዮጵያ'ዩ ነይሩ፡፡ ናይ ትማሊ ጌጋ ኸኣ ጸገሕ ክእረም'ዩ፡"፣ ከምኡ'ውን "ኢትዮጵያ ኣብ ቀይሕ ባሕሪን ዋንነት ወደብ ዓሰብን ታሪኻዊ መሰል ኣለዋ" ክብሉ ተሰሚዖም፡፡ ካብ ጃኣፓሊቲካዊ ቁማር ተጐልቢቦም፡ እዚ ዓጀውጀው'ዚ ርትዓዊ ሃገራዊ ፖሊሲ ንምምሳሉ ከኣ፡ ብጸዑቕን ሰፊሕን ሽፈነ ማዕከናት ዜና ዝተሰነየ ጸዕርታት ከካይዱ ቀጺዖም ኣለዉ፡፡ እቲ ዕላማ ንጹር'ዩ - እዚ ሓደገኛ ዕንደራ ተቐባልነት ንምርካብ፣ ኑቲ ዘይንብር ንብር ንምምሳል፣ ከምኡ'ውን ኑቲ ዘይሕጋዊ ጉዳይ ግዙኣታዊ እጀታ ሕጋዊ መልክዕ ንምትሓዝ'ዩ፡፡

እዛም ቅንጣብ ሕንክት ዘይብሎም ሰብሰልጣኑ ንዘፈጠርዎ ጸዋ/ትረኻ ንምርጋድ፡ ኑቲ ዝጸልመተ ምዕራፋት ዘመናዊ ታሪኽ ናይዚ ዞባ ዝኾነ እዋን ምልሓቕ (annexation) ክጠቕሱ ይሰምዑ እዮም፡፡ እዚ ዘይሕጋዊ ተግባርን ግናይ ሕሉፍን ብምኽንያቱ ታሪኽ ክጥምዘዙ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ዓንዲታት ዞባዊ ምርግጋእ ዝኾነ መትከላት ልኡላውነትን ኣህጉራዊ ሕግን ንምጉዕጻጽ ክመጣጠሩ ይርአዩ፡፡ ኑቲ ዘይሕጋዊ ተግባራት ምልሓቕ ዝዋበር ወደሳ ድሙ ካብ ምርኻስ ፖሊቲካ ሓለፉ፡ ካልእ ትርጉም ክወሃቦ ዘከኣል ኣይኮነን፡፡ ንቅልዕ ወራር ሕጋውነት ንምልባስ ዝደናደኑ ንኢትዮጵያን ጎረባብታን ከቢድ ሳዕቤናት ዘለዎ - ክስገር ዘይብሉ ቀይሕ መስመር'ዩ፡፡

ህልው ኩነታትን ክውንነትን ኢትዮጵያ ኣብ ግምት ምስ ዝኣቱ፡ ዕንደራ ሰብሰልጣን ብልጽግና ዝያዳ ኣተሓሳሰቢ ይኸውን፡፡ ቁጠባ ናይ'ታ ሃገር ብዘይ ግዱማዊ ትኻቦ ወይ መገደፍ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ፡ ዓለማዊ ባንክን ካልኦትን ጠጠው ክብል ዘይክእል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፣ ክብሪ መቖሮ ድማ ብደረጃ ዓለም ካብቶም ዝለዓሉ'ዩ፡፡ ብብዙሕ ዝተላዕለን እናበኣሰ ዝመጽእ ዘሎን ወሽጣዊ ግጭታት'ውን፡ ጠንቂ ቅዝፈት፡ ምምዛብል፡ ዕንወትን ድኽነትን ኮይኑ'ሎ፡፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ስርዓት ብልጽግና ቀንዲ ኣተኩሮኡ ኣብዚ ቅልውላዋት'ዚ ብምግባር ንምፍዋሱ ኣብ ክንዲ ዝሰርሕ፡ ኑቲ መርዝም መብጽዓ "ልኡላዊ ማዕዶት ባሕሪ" ኣብ ምግዋሕ ተጸሚዱ ምርኣዩ፡ ምስቲ ዓበይቲ ዋዕላታት ብምእንጋድ "ጸቡቕ ኣለና" ዝብል መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ዝዕብሮ ተዋስኦታት ተደሚሩ፡ ኣተኩሮ ንምጥምዛዝ ዝካየድ ፈተነ ህድማ ንቕድሚት ጥራይ'ዩ፡፡ እዚ ድማ መርኣያ ናይቲ ደገፍ ህዝቢ ዘይብሎም መራሕቲ፡ ንወሽጣዊ ጉዳያት ብምስምማዕ "ግዳማዊ ስግኣት" ብምንልባብ፡ "ሕብረ ሰንደቕና ንዕሰል" ብዝብል ጣቒ ደገፍ ንምርካብ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሰዓት ዝዕብርዎ ከንቱ ፈንጠርጠር'ዩ፡፡

ኣብዚ ደገምካ ክንጸር ዘለዎ፡ ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ሃገራት ክትተሓባበር ጸገም ከምዘይብላ ብኣንጻሩ - ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝተሰረተ፡ ብየለጻኸት ዝዘየለውን ብየበእ ቅጥዕታት ዝትግበርን ስምምዓት ንኽህሉ፡ ብዘይ ምስልካይ ክትሰርሕ ጸኒሓ'ላ፡፡ ይኹን'ምበር፡ ሓቀኛ ምትሕግጋዝ - ብበይናዊ ዕንደራን ዘይሕጋዊ ተግባራትን ዘይኮነ፡ ብምኽባር፡ ሕጋዊ ንጹርነትን ሓባራዊ መብጽዓ ንምርግጋእን ጥራይ'ዩ ክረጋገጽ ዝኽእል፡፡

ኢትዮጵያ ትኽተሎ ዘላ "ብሓይሊ ዘይናትካ ክትውንን" ናይ ምድላይ ስትራተጂ፡ ክጽዮ ደባታ ዝኸይድ ሓደገኛ ክስተት'ዩ፡፡ ብቕልውላዋት ክሕመስ ንዘጽንሐ ተነቃፊ ዞባ ንካልእ ሓደጋ ዘቃልዕ፣ ኣብ መንነ ሃገራት'ዚ ዞባ ዘይምትእምማን ዘስፍን፣ ከምኡ'ውን ዕድላት ምትሕግጋዝ ዞማህምን'ዩ፡፡ ስለዝኾነ፡ ድሮ ብተግባራት ኢትዮጵያ ምትእምማን ዘጥፍኣ ጎረባብታ፡ ንዘይሕጋውን ዘይክውንነታውን ጥሙሕ ክሳሲያ ትጸቢት ክንበረለን ኣይከኣልን፡፡ ሳዕቤኑ ከቢድ ከምዝኸውን ብኢጋኡ ዝተፈልጠ ስለዝኾነ፡፡

እዚ ብቐንዱ ናብ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዘጽረረ ሓደገኛን ዘይሓላፍነታውን ስጉኣታት፡ ን"ሃናጺ ወዕል ኣፍሪቃዊ ሕብረት"፡ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ንቐንዲ መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ'ዩ፡፡ እዚ ጸዋ'ዚ ሕጋውነት ምሃብ ኮነ ምጽዋር (ዕሽሽ ምባል)፡ ንልኡላዊ ማሰሌት ኤርትራ ዝሃሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኑቲ ግጭታት ንምክልኻል ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዝምርኮሰሉ መጻወር ዞማህምን'ዩ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ "ልኡላዊ ማዕዶት ባሕሪ" ናይ ምውናን መርዝም ኣጀንዳ ብልጽግና፡ ሓላፍነት ዝጎደሎን ዘላቕቶት-ኣልቦን'ዩ፡፡ ሓደገኛ ድንብልቕ ታሪኻዊ ጥምዘዛ፡ ቁጠባዊ ዘይተገዳስነትን ኮነ ኢልካ ዝዋበር ምስሉት ኣንፈታት'ዩ፡፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ክንዲ ብዋጋ ዞባዊ ሰላም ፖለቲካዊ ህላወኦም ንምርግጋጽ ምቁማር፡ ኑቲ በብኸበቢኡ ተወለዑ ዘለዉ ዘቤታዊ ግጭታትን ንኡ ዘስዓቦ ቅልውላዋትን ፍታሕ ብምንዳይ፡ ወሽጣዊ ርግኣትን ቁጠባዊ ሕውየትን ብምርግጋጽ ህዝባዊ እምነት ንምርካብ ክጽዕሩ'ዩ ዝግባእ፡፡ ንለ ድሕነት ኢትዮጵያን ዞባን እምበኣር፡ እዚ ዘይሓላፍነታዊ ዕንደራ ክንጸግን መጎትአ ክግበረሉን ይግባእ፡፡

ዜና

# ተሰነይ - ጥሪት ብቑጽርን ዓይነትን ዕብየት የርኢያ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ጥሪት ብዘዋግበረለን ዘሎ ክንክን፡ ብቑጽርን ዓይነትን ጸቡቕ ዕብየት የርኢያ ከምዘለዋ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ሃብቲ እንስሳ ኣቶ ኤልያስ ምናሴ ገሊጹ፡፡

እቲ ንኡስ ዞባ ዝጠዙሓ ጥሪት ዝርከብኦ ከምዝኾኑ ብምጥቃሱ፡ 97 ሽሕ ከብቲ፡ 145 ሽሕ ኣጠሊ፡ 76 ሽሕ ኣጣል፡ ልዕሊ 5 ሽሕ ኣግማል፡ ከምኡ'ውን 7,700 መጸዓኛታት - ብጠቕላላ ኣስታት 350 ሽሕ እንስሳታት ከምዘለውኦ ኣብሪሁ፡፡

ቀረብ ጸጋን ሰጋን ብመንጽር ብዙሓ ጥሪት ክርኢ ከሎ ትሑት ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ኤልያስ፡ ቁጽሪ ጥሪት ብንጹር ብምፍላጥ፣ እኹል መዕቖሚታትን ዓይኒ ማያትን ብምውዳድን እኹል ቀረብ መድሃኒት ብምርግጋጽን ኑቲ ዘሎ ጠለብ ንምምላእ ዝሕግዝ መደባት ንምትግባር፡ ሓረስቶት ብማሕበር ተጠርኒፎም ክሰጥፉ ኣዘኻኺሩ፡፡

ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ክታበት ከም'ቲ ዝድለ ውጽኢት ምእንቲ ክርክብ፡ ወነንቲ ጥሪት ብበዓል ሞያ ዝተኣዘዘን ምንጩን ብቕዓቱን ዘይተረጋገጸን መድሃኒት ካብ ምጥቃም ክቑጠቡ፣ ዘይንብር ምልክታት ሕማማት ምስ ዝዕዘቡ ንቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ክሕብሩ፣ ጸብ ይኹን ስጋ ናይ ዝሓመማ እንስሳታት ካብ ምብላዕ ክቑጠቡ፣ ምስ ተኸትባ'ውን እንተኾነ ቅድሚ 21 መዓልታት ጸባኣን ይኹን ስጋኣን ኣብ ጥቕሚ ከይውዕል፡ ኣቶ ኤልያስ ብዝወሳኺ ተላቢዩ፡፡

ጓሶትን ወነንቲ ጥሪትን ብግዲኦም፡ ብበወቕቱ ዝተዳደ መደብ ክታበት ኣብ ጥዕና ጥሪቶምን ምህርተንን ጸቡቕ ውጽኢት ይረኽብሉ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ጥሪቶም ብምኽታብ ረብሓታቶም ንምስሳን ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም፡፡


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284




# ጸሮና - ብተበግሶ ኮም ዝተሃንጸ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተመሪቑ

ካርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ዑና-ዓንደዎም፡ ዓዲ-ሓረገጸን ዓዲ-ከረንን - ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ንዘጋጥሞም ጸበባ መማሃሪ ክፍልታት ንምቕላል፡ ብተበግሶ ኮም ዝተሃንጹ ኣርባዕተ ተወሰኽቲ ክፍልታት ተመሪቑ፡፡

ኣብቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨንፈር ንኡስ ዞባ ጸሮና ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን መምህር ጥዑምዘጊ ጎይትኦም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሕጽረት መማሃሪ ክፍልታት ንምምላእ፡ ብደረጃ ኮም ዝወሰዱ ተበግሶታት፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ኣበርክቶኦም ልዑል ምዃኑ ኣብ ቀጻሊ ብዘለዓለ ክደፍኣሉን ኣዘኻኺሩ፡፡

መምህር ተስፉ ምሉእብርሃን ብወገኑ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ብፍላይ ኣብ ሻምናይ ክፍሊ ጸበባ መማሃሪ ክፍልታት ብምንባሩ፡ ተመሃሮ ኣርባዕተ ሰዓት ተጓዒዞም ናብ ሓውሲ ከተማ ኩዓቲት ብምግዓዝ ትምህርቶም ይከታተሉ ብምንባሮም፡ ጸገሞም ከምዝተፈትሐ ኣረዲኡ፡፡

ኣብቲ ስነ-ስርዓት፡ ወኪል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸሮና ኣቶ ሃይለ መንገሻ ኣብ ዘስመዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ብህዝቢን ምምሕዳራት ከባቢን ዝተወሰደ ቅዱስ ተበግሶ ብምንኣድ፣ ኒ ኑ ድማ ውጽኢትን ብቕዓትን ተመሃሮ ንምምሕያሽ ሓባራዊ ጻዕሪ ክሕደል ተላብዩ፡፡

# ተራ ስነፍልጠታዊ ምርምር ኣብ ምዕቃብ ኦዞን ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦዞን ዝተዳለወ ጽሑፍ


ኢንጅ. ሮቤል ክብሮም
ክፍሊ ኣከባቢ- ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

16 መስከረም ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦዞን ተባሂላ ክትዝከር ካብ ትውሰን ኣትሒዙ ለሚ ዓመት ኣብ ዓለም ንመበል 40 ግዜ ትዝከር ኣላ። እዚ ዕለት ክምረጸሉ ዝተደለየ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ነቲ ኣብ መወዳእታ 20 ክፍለዘመን ዝተኸሰተ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ደወል ተበራበር ዘድሃየ ፍሉይ ክስተት ርቀት ቀጸላ ኦዞን ሃብቂ ሳዕቤናቱን ንምውጋዱ ተባሂሉ ዝቖመ ፕሮቶኮላዊ ስምምዕ ሞንትርያል ኣብ’ዚ ዕለት ማለት 16 መስከረም 1987 ብምምስራቱ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይ’ቲ ስምምዕ ከኣ ነቲ ቀይዲ ኣልቦ ዕንደራ ምፍራይ በቲ ልዕሊ ጋዞት ልዕሊ ንምግባር እዩ። እቲ ስምምዕ ብምግታእ 8 ሓደገኛ ከሚካላት ጀሚሩ እዚ ለሚ ንኹለን ሃገራት ናብ ሓደ መኣዲ ብምምጻእ ንልዕሊ 100 ከሚካላት ኣብ ዝርዝራቱ ኣስፊሩ ንምውጋዶም ይሰርሕ ኣሎ። እዞም ከሚካላት ኣብ ስርዓት መዝሓሊታትን መዝሓሊ ኣየርን ሕርሻን ሕክምናን ሰፊሕ ተጠቃምነት ዝነበሮም እዮም። ኣብ’ዚ እዋን እዚ ልዕሊ 99% ካብዞም ከሚካላት ምሉእ ብምሉእ ተወጊዶም ብፍልኣት ቀጸላ ኦዞን ዘርዕሱ ከሚካላት ተተኪኦም። ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከምዘረጋግጽዎ እቲ ንህይወታውያን ካብ ተጓዓእቲ ጸረርታት ጸሓይ ዝከላኸል ቀጸላ ኦዞን እውን ሕወየት የርኢ ኣሎ።

ቀጸላ ኦዞን ንምድሓን ዝተገብረ ግሎባዊ ወሀደትን ጻዕርን ዝነኣደን ኣብነት ክኸውን ዝኽእልን እኳ እንተኾነ፡ ናብኡ ንምብጻሕ ዝወሰደ መንገዲ ግን ፍትሓዊ ኣይነበረን። ብ1974 ማርዮ ሞሊናን ፍራንክ ሮውላንድ ዝተባህሉ ኣመሪካውያን ተመራመርቲ ኑዩም ኣብቲ እዋን ብዝበርሃም ልዑል ኢንዱስትርያዊ መዓላን ተጠቃምነትን ከም ፍሉያት ጋዞት ዝርአዩ ዝነበሩ ብውህደት ካርቦን፡ ፍሎሪንን ክሎሪንን ዝቖሙ ፍርያን ጋዝ ተባሂሎም ዝፍለጡ ፍርያት፡ ጻዕቂ ኦዞን ብምንካይ ቀጸላ ኦዞን ናይ ምርቃቕ ተኽእሎ ከምዘለዎም ስነፍልጠታዊ ጭብጥታት ብምስናይ ከረድኡ ፈቲኖም፡ ርኽበታቶም ዋላኳ ድሒሮም ሽልማት ኖቤል ይርከብሉ፡ ኣብ መጀመርታ ግን ኣመራጻ ሓዊሽካ እተን ብሽያጥ ፍርያን ጋዞት ማእለያ ዘይብሉ እቶት ዘኻዕብታ ዝነበራ ሃገራት ጸማም እዝኒ ክሀብኦ እዮን ተራእየን። እንተኾነ ደረጃ ተጻዋርነት ባህሪ ወሰን ገደብ ዘለዎን ቀጥዕኡ ድማ ኣሰቃቒ ምኽኑ ዝርኢ ክስተት ብ1981 ኣጋጠመ። እቲ ምድሪ በጨቅታኡ ዘርኣየትሉ ዘሰደምም ክስተት፡ ኣብ ከባቢ ኣንታርቲካ ተመዝጊቡ ብዘይፈልጥ ዓቐን ጻዕቂ ኦዞን ጋዝ ብምንቅልቛል ክሳዕ 25 ሚልዮን ትርብዒት ኪሎሜትር ሰፋሓት ዘለዎ ክፍተት ሰዓበ። እዚ ምስቲ ኣቐዲሙ ብበዚሒ ዝርአ ዝበረ ሳዕቤናት ተጓዲኡ ጨረርታ ጸሓይ ዝጠንቆም ሕማማት፡ ከም ብዓል ናይ ቆርበት ካንሰርን ካታራክትን ብምስናዩ ኸኣ ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩን ሰፊሕ ህዝባዊ ተቓውሞ ኣለዓዒሉን። እቲ ቅጽበታዊ ምላሽ ክረኽብ ዝበሎ ጉዳይ ምክልኻል ቀጸላ ኦዞን ከኣ ብ’1985 ኣብ ከተማ ቬና ካብ ዝተወሰና ሃገራት ሰማዒ ብምርካብ ስምምዕ ቬና ንምክልኻል ቀጸላ ኦዞን ተባሂሉ ዝፍለጥ ምርድዳእ ገበሩ። ካብ’ዚ እዩ ኸኣ ፕሮቶኮላዊ ስምምዕ ሞንትርያል ክምስረት ዝኸኣለ። ቀጸላ ኦዞን ንምድሓን ዝተበጽሐ ስምምዕ ወለንታውያን ተመራመርቲ ብምውህሃድን ብስነፍልጠታዊ ምርምራቶም እናተቐየሰን ኹሉን ንኹለን ኣባል ሃገራት ኣስዓሪ ዓመታዊ ቀጸላ ኦዞን ከድሕኑ ዝኽእሉ ዕማማት ከሰላስሉ ቀሰቡ እዩ።

ኤርትራ ቀጸላ ኦዞን ኣብ ምርቃቕ እትሕመየሉ ኣብኣ እኳ እንተዘይብላ፡ ኣካል ናይ’ቲ ድሕነት ኣከባቢ ንምሕላው ተኻይዶ ጻዕሪ፡ ጠንቂ ርቀት ቀጸላ ኦዞን ዝኾኑ ፍርያን ጋዞትን ብእኦም ዝዐዩ ንዋትን ናብ ሃገር ከይኣትው ዝኽልክልን ውሑስ ምሕደራ ተጠቃምነት መዝሓሊታትን መዝሐም ኣየር ጋዞትን ንምርግጋጽ ዘኽእል ሕጋዊ ምልክታ 117/2010፡ ብ23 ንሓሰ 2010 ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕል ተገይሩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መዓላ ዝውዕሉ ዝበሩ ብፍርያን ጋዝ ዝዐዩ ንዋት፡ ውሑስነት ኣከባቢ ብዘረጋግጽ መንገዲ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ከኣ ምስ ኣከባቢ ብዘሳንዩ ጋዞት ክትክኡ ዝኽእል ሞያውን ንዋታውን ደገፍ ንክኢላታት መዝሓሊታትን መዝሐሚ ኣየርን ብምሃብ ዘይንጸቕ ተራ ኣብ ምጽዋት ትርከብ።

ለሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦዞን ኑቲ ኣብዘን ዝሓለፋ 40 ዓመታት ዝሞ በቢልቲ ጋዞት ንምእላዮም ዝተኻየዱ ጻዕርታትን ዝተጸፉ ዓወታትን መሰረት ዘኾነ ስነፍልጠታዊ ምርምራት ኣብ ዝጽንበሉ ዘሎ፡ ካልኦት ኣከባብያውያን ቀወሲታት ንምፍታሕ ዝውሃቡ ርትዓውያንን ኣብ ስነፍልጠት ዝተሞርከሱን ምርምራት ኣቓልቦ ክዋሃቦም ዘየዳግፍ እዩ። ኣብ’ዚ ዓለምና ብመጽናዕትን ምርምርን ጥርዚ በጺሓትሉ ዘላ ዘመን ስነፍልጠትን ቴክኖለጂን ሰብ ፍሉይ ረብሓ ኣታዊታቶም ብዋጋ ኣከባቢ ንምኽዕባት ነቲ መርትዖ ብምስናይ በብእዋኑ ዝቐርብ ርኽበታት ኣብ ጠንቅታት ብከላን ብርሰትን ኣከባቢ ንምኽሓድን ጓል መገዲ ኣምጺእካ ሓለፍትካ ካብ ምሃብ ዝዓበ ኣሸካዕላልን መጋትኢ ክምበረሉ ኣገዳሲ እዩ።




ዜና

# ዓንሰባ - ዝናብ ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ንኡስ ዞባታት ዒላበርዕድን ሓልሓልን ካብ 10 ክሳብ 13 መስከረም ዝወቐዐ በረድን ንፋስን ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒለበርዕድ - ምምሕዳር ከባቢ ሓድሽ ዓዲ ኣብ 250 ሄክታር ዝተዘርአ ኣብ ደረጃ ምውላድ፡ ምስጋንን ምዕንባብን ኣብ ዝበጽሐ ዕፉን፡ መሽላ፡ ብልቱግን ፋልን መጠናዊ ሃሲያ፡ ኣብ ጥረታትን ኣሕምልትን ድማ ከቢድ ጉድኣት ወሪዱ።

በረድ ዝተሓወሶ ከቢድ ዝናብ ብቐጻሊ ክሃርም ከምዝጸንሐ ዝሓበረ፡ በዓል-ሞያ ልምዓት ዘራእቲ ኣቶ ጉብረሂወት ኣብርሃም፡ ሓረስቶት ጥንቃቐ ከዘውትሩን ተሰኡ ከይቁረጹ ቅልጡፍን ምስ ክሊማ ዝሰማማዕ ዘራእቲ ክትክኡ ተላብዩ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል - ምምሕዳራት ከባቢ መሊብሶ፡ ሓልሓልን ርሃይን ብዘወቕዐ በረድን ህቦብላን ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻን ጀራዲንን ጉድኣት ክወርድ ከሎ ኣብይቲ ከም ዝፈረሰ፡ ካብ’ቲ ንኡስ ዞባ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

እቲ ሓደጋ፡ ኣብ 210 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬትን 5 ሄክታር ጀራዲንን ሃሲያ ከምዘውረደ፡ ኣባል ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑስማን መሓመድ-ኖር ሓቢሩ።



# ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ንጥፈታቱ ገምጊሙ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝካየድ ጥዕናዊ፡ ባህላውን ስፖርታውን ንጥፈታት ዝገምግም ርክብ፡ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣካይዱ።

ኣብ’ቲ ገምጋም፡ ገጢ-ገጢ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ኣብ ጥዕና፡ ባህልን ስፖርትን ዝተገብሩ መደባትን ኣብ ስራሕ ዘጋጥሙ ሕጽረታትን ብደሀታትን ዘጠቓልል ሰፊሕ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ-ትምህርቲ፡ ተማሃሮ ተወህቦኦምን ክእለቶምን ዘጕልብቱሉ፡ ብደረጃ ዞባን ንኡሳን ዞባታትን ዕወት ፈስቲቫላት ከምእተኻየደ፡ ኣብ ቤት - ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና፡ ባህልን ስፖርትን መምህር ጸገ ህብትዝጊ ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ ኣረዲኡ።

ብዘይካ’ዚ፡ ተማሃሮ ኣብ ጥዕና ዘለዎም ግንዛበ ንምዕባይ ዝጸለመ ኽሳስ ብምውህሃድ ሰብ ሞያ ጥዕና ክወሃብ ከሎ፡ ጥዕና ተማሃሮ ንምግዳር ኣድላዪ መርመራታት ከምእተኻየደ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ትሕተ-ቕርጻን ዕጥቅታት ስፖርትን ክቕረብ፡ ፍሉይ ክእለትን ዝንባለን ዘለዎም ተማሃሮ ኣለሊኻ ንምምዕባሎም ክሰራሕ፡ ኣብ ስፖርት ዝስተፉ ደቂ-ኣንስትዮ ክተባብዑን ዝበሉ ርኢይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ ኣብ ዘሰማዖ ቃል፡ ተማሃሮ ማዕረ ማዕረ’ቲ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ክወርሱ ዝካየድ ጻዕሪ፡ ብስፖርት ተመልማሊም ንኽፍየብዑ፡ ኣብያተ-ትምህርቲ መሪሕ ተራ ክጻወታ ኣዘኻኺሩ።

# ኣቑርደት - ጥዕና ሕብረተሰብ ኣብ ምውሓስ ልዑል ጻዕሪ ይካየድ

ማእከል ጥዕና ኣቑርደት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሕክምናዊ ኣገልግሎታ ብምምሕያሽ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ሕብረተሰብ፡ ልዑል ኣበርክቶ ተካይድ ከምዘላ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ሓቢሮም።

ሓላፊ ናይታ ማእከል ጥዕና ነርስ ነቢ ኣስፍሃ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎታት ብብእዋኑ ብዓይነት ይመሓየሹ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምውሓስ ጥዕና ዜጋታት፡ ልዑል ኣስተዋጽኦ ትገብር ምህላዋ ኣረዲኡ።

ምብራኽ ንቕሓት ሕብረተሰብ ከም መሰረታዊ ረቛሒ ምክልኻል ሕማማት ተታሒዙ ብዕቱብ ከምዝሰርሓሉ ዝጠቐሰ ነርስ ነቢ፡ ሕብረተሰብ መምርሒታት ሰብ ሞያ ጥዕና ብምስዓብን፡ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብ ምቁጽጻር ተሳትፍኡ ከዕቢ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ኀሰንሰን ሓበሬታን ተሓጋጋዚ ነርስ ዓብደልቃድር ሕጃይ ብወገኑ፡ ብዝተኻየዱ ኀሰንሳትን ኣስተምህሮታትን ንቕሓት ሕብረተሰብ ብምዕባዩ መጠን-ሞት ኣዴታትን ህጻናትን ከምዝጎደለ ብምግላጽ ክታበት ጸረ ሕማም ወይቦ ቢ ንናጽላታት ክወሃብ ጀሚሩ ስለዘሎ ኣዴታት ክጥቀማሉ ኣዘኻኺሩ።

# ፎሮ - ሓረስቶት ዙላ ልምዓታዊ ወፈራታት የሰላስሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ሓረስቶት ምምሕዳር ከባቢ ዙላ፡ ካብ ከቦሳ ዝወርድ ወሓይዝ ብምእላይ ናብ ረብሓኦም ብምውዓል ምህርቶም ንምስሳን፡ ኣድማዒ ወፈራታት የካይዱ’ለዉ።

እቲ ዕማም፡ ብሩባታት ዓሊገዴ፡ ሓዳሽን ኩመይለን ዝወርድ ወሓይዝ ናብ ግራውቲ ምእላይ፡ ብድቡት ዝመልኣት ዲጋ ምጽራግን ግርሁ ምጅራፍን የጠቓልል።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ዙላ ኣቶ ዑስማን ጃበራ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ስራሕ - ኩሉ ዓቕሚታት ብምውህሃድ ብማሽነሪ ዝተደገፈ ስለዝኾነ ስሉጥ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ 100 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት ከምዝስተዩ ብምግላጽ፡ ዲጋ ፎሮ ደቡት መሊኣ ስለዘላን ልዕሊ ዓቕሞም ስለዝኸኑትን ክትጽረግ፡ ከምኡ’ውን መእለዪ ውሕጅ ማልካ ብጋብዮን ንምዕጻው ቈላሕታ ክግበረሉ ተማሕጺኖም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ዑስማን ዓራፋ፡ ነቲ ልምዓታዊ ወፈራታት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ እጃሙ ከምዘበርክት ኣረጋጊጹ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ነድሪ ጉርጉማ

ነድሪ ጉርጉማ (bronchitis) ሓደ ካብ ዓይነታት ሕማማት ስርዓተ እስትንፋስ እዩ። ኣብ ጉርጉማ ናይ ሳንቡእ ብዘርኣ ምቅጻል፡ እቲ ሕማም ዝኸሰድ ኮይኑ፡ ምሑር ምስዓል ዝኣመሰለ ምልክት የርኢ። ነድሪ ጉርጉማ፡ ፈለማ ኣብ ኣፍንጫ፡ እዝኒ፡ ጎረሮን ሰርናን ብዘፍጥር ረኽሲ ዝጀምር ሕማም እዩ። እቲ ረኽሲ ቀስ ብቐስ ናብ ጉርጉማ ናይ ሳንቡእ ምስ ወረደ ድማ፡ ነድሪ ሕማም ጉርጉማ ክኸሰድ ይጅምር። ተደጋጋሚ ሰዓል፡ ጸጽ ዝብል እስትንፋስን ሕጽረት እስትንፋስን፡ ከምኡ'ውን ቃንዛ ኣፍ-ልቢ ገለ ካብቶም ልሙዳት ምልክታት ናይቲ ሕማም እዮም።

**ዓይነት ነድሪ ጉርጉማ**

ነድሪ ጉርጉማ ዘየላቡን ሕዱርን ተባሂሉም ኣብ ክልተ ይምቀሉ።

**ዘየላቡ ነድሪ ጉርጉማ** (acute bronchitis)

ዘየላቡ ነድሪ ጉርጉማ፡ ጉንፋዕ ኣፍ-ልቢ (chest cold) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ። በዚ ሕማም'ዚ ኣብ ሳንቡእ ዝርአ ምቅጻል ቀሊል ዋላ ኣይኹን፡ ንሓጺር እዋን ጸኒሑ ቀልጢፉ ክሓዊ ይርአ። ዓኽታ ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ሰዓል ሓደ ካብቲ ልሙድ ምልክታቱ እዩ። እቲ ግዳይ ኣብ ዝስዕለሉ እዋን፡ ኣብ ኣፍ-ልቡን ቃንዛን ዘይምቹእነትን ስለ ዝፈጥረሉ፡ በዚ እንኳንዶኣ ጉንፋዕ ኣፍ-ልቢ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብተወሳኺ፡ እቲ ግዳይ ኣብ ዝስዕለሉ እዋን ጸጽ ዝብል ድምጺ ከሰምዕ ይርአ እዩ።

ሕጽረት እስትንፋስን ረስንን ካብ ልሙዳት ምልክታት ናይዚ ዓይነት ነድሪ ጉርጉማ እዮም።

ኣብ ዘየላቡ ነድሪ ጉርጉማ፡ እቲ ዝርአ ረኽሲ ካብ መዓልታት ክሳብ 10 መዓልቲ ክጸንሕ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ተደጋጋሚ ምስዓል ግና ክሳብ ሰሙናት ክቕጽል ይኽእል እዩ። እቲ ምልክታት ናይቲ ሕማም'ውን ከምኡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙን ይጸንሕ።

**ጠንቂ**

መጽናዕትታት ከም ዘምልክትዎ፡ ኣብ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ግዳያት ናይዚ ሕማም፡ እቲ ጠንቂ ቫይረስ ዝማበሶ ረኽሲ እዩ። እቲ ቫይረስ፡ ኣብ ኣየር ብምጽናሕ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። ብቐጥታ ምስ ግዳይ ጥቡቕ ምቅርራብ ብምግባር'ውን ይላባዕ እዩ።

**ተኣፈፍቲ ግዳያት**

ኣትካኺ ሽጋራን ካልእ ኣወለፍቲ ቀመማትን ምጉኣ፡ ደሮናን ካልእ ንኣየር በከለቲ ዝኾኑ ቀመማትን ንዘበዝሓ ከበቢ ምቅላዕ፡ በቲ ሕማም ክትጥቃዕ ዝለካ ተኽእሎ የዚዩዶ እዩ። ኣብ ውሑዳት ግዳያት፡ እቲ ሕማም ብሰንኪ ባክተርያ 'ማይኮፕላዝማ' (mycoplasma) ከምኡ'ውን 'ኒሞኒያ' (pneumoniae) ክስዕብ ይኽእል እዩ።

**ፍወሳ**

ሓደ ካብ ኣገባብ ፍወሳን ምክልኻልን ናይቲ ሕማም፡ ሽጋራ ካብ ምትካኽ ምሕራምን ካልእ ንሳንቡእ ክሰድኡ ካብ ዝኽእሉ ልምድታት ምቑጣብን እዩ። ጽሬት ምሕላውን ብተደጋጋሚ ኢድ ምሕጻብን፡ ነቲ ሕማም ክስዕቡ ዝኽእሉ ባክተርያ ናብ ውሽጢ ሰብነትና ከይኣተወ ንምጥፋእምን ምክልኻሎምን ሓጋዚ እዩ።

እኹል ዕረፍቲ ምርካብን ብዝበዝሐ ወፅዩ ፈሳሲ ምውሳድን፡ ነቲ ሕማም ኣብ ምፍዋስን ዝርኣዩ ምልክታት ኣብ ምጉዳልን ኣገዳሲ እዩ።

**ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ** (chronic bronchitis)

እዚ ዓይነት ነድሪ ጉርጉማ፡ ህይወት መመሓላእታ ዝፈታትን ሕማም ብምዃኑ፡ ከቢድ ይገብሮ። እቲ ሕማም ምስኩነታትን ወቕትን እናናሻዕ ስለ ዝለዓል፡ ኣየር ካብን ናብን ኣብ ዝወጽሉ መስመር ጉርጉማ ምቅጻልን ቁጥዐን ይፈጥር። ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ፡ ሕማም ታሕተዋይ መትረብ ስርዓተ ስትንፋስ'ውን ይበሃል እዩ። እቲ ሕማም ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንልዕሊ ሰለስተ ወርሒ ዝጸንሕ ብርቱዕ ሰዓል ዝፈጥር ኮይኑ፡ በዘየዕሙቱ ክደግስ ስለ ዝርኦ፡ ኣብቲ ግዳይ ተደጋጋሚ ጥዕናዊ ጉድኣት እዩ ዘስዕብ።


**ምልክታት**

ሓደ ካብቲ ልሙድ ምልክት ናይዚ ሕማም፡ ጸገም ኣብ እስትንፋስ ምፍጣር እዩ።

- ምዕፋን ኣፍ ልቢ፡
- ጻዕዳ፡ ብጫ ወይ ቀጠልያ ዝሕብሩ ዓኽታ ምስ ከቢድ ሰዓል፡
- ክተስተንፍስ እንከለኻ ጸጽ ዝብል ድምጺ ምስማዕ፡
- ምሕርሓር ጎረሮ ወዘተ ገለ ካብቶም ምልክታቱ እዮም።

**ጠንቂ**

ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ ብዙሕ ግዜ ብሰንኪ ብዝበዝሐ ሽጋራ ምትካኽ እዩ ዝስዕብ። ብተወሳኺ፡ ዝተበከለ ኣየር ንነዊሕ ግዜ ምስሓብ፡ ከምኡ'ውን ንጥዕና ጎዳኢቲ ዝኾኑ ኮሚካላት ብእስትንፋስ ብምስሓብ እቲ ሕማም ክለዓል ይኽእል። ኣብ ዕደና፡ ወይ ኣብ ፋብሪካታት ዝነብሩ ቀመማት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምርባሕ ከብቲ ይኹን ሕርሻ ዝነጥፉ ገለ ዓይነት መድሃኒታት፡ ግዳይ ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ ንምፍዋሱ ዘለካ ተኽእሎ የዚዩዱ እዩ።




**ፍወሳ**

ዘየላቡ ነድሪ ጉርጉማ ብዙሕ ግዜ ምስ ሰሙናት ባዕሉ ዝሓዊ ሕማም እዩ። ክንገብሮ ዝግበኣና ክንክንን ግን ክንርስዕ የብልናን። ሕዱር ሕማም ነድሪ ጉርጉማ ግና ዕምርኻ መመሓላእታ ዝፈታትን ሕማም ይኹን'ምበር፡ ብእትገብሮ ክንክንን ፍወሳን፡ ኣብ ጥዕና ከውርደልካ ዝኽእል ጉድኣት ኣብ ምጉዳል ኣገዳሲ እዩ።

ፈለማ ግቡእ ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራ ብምግባር፡ ዝተዋህበካ ፍወሳ ብግቡእ ምክትታል የድሊ። ኣሰዒብና ክንገብሮ ካብ ዝግበኣና ክንክንን ፍወሳን፦

- ብዝበዝሐ ማይ ምስታይ፡ እዚ ነቲ ኣኽታ ብቐሊሉ ክወጽእ ይሕግዝ እዩ።
- እኹል ዕረፍቲ ከም እትረክብ ምግባር።
- እትደቅሰሉን እትውዕለሉን ከባቢ እኹል ጽሩይ ኣየር ደረክብ ከም ዘሎ ምስትብሃል።

**መዓስ ናብ ሓኪም ትኸይድ?**

- ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ ምስ እትርኢ፡
- ኣብ ግዜ ለይቲ ብሰንኪ ሕጽረት እትንፋስ ደጋጊምካ ካብ ድቃስካ ምስ እትበራበር፡
- እቲ ሰዓል ብዘይ ምቁራጽ ንልዕሊ 3 ሰሙን ምስ ዝቕጽል፡
- ኣብ ኣፍ-ልብኻ ዝፍጠር ቃንዛ ከቢድ ምስ ዝኸውን፡
- ንኽትዛረብ ሕጽረት ምስ ዝፈጥረልካ፡
- ክርደኣካ ዘይክእል ምቕናስ ክብደት ሰብነት ተርኢ እንተለኻ ተቐላጢፍካ ናብ ዶክተር ክትከይድ ይምከር።

ብሰንኪ ነድሪ ጉርጉማ እስትንፋስ ምስ ዝሓጽረና ንገብሮ ዘቤታዊ ሜላ

**ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመና እንከሎ ክንገብሮም ዝግበኣና ኣገባብ፦**

**ኣፍካ ኣሸርሚምካ ምስትንፋስ** (Pursed-lip breathing)

ሕጽረት እስትንፋስ ኣብ ዘጋጥመና ብቐሊሉ ናብ ንቡር ንምምላስ ዝሕግዝ ባዕልና ክንገብሮም ካብ ዝግበኣና ዝቐለሉ ኣገባብት ሓደ ከንፈርና ኣልጊብና ንእሽቶ ከፋት ገዲፍና ኣየር ክነስሕብን ከነውጽእን ምኽኣል እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ፍጥነት እስትንፋስና ከም ዝዘሕል ይገብር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ እስትንፋስ ድማ ኣዕሚቕና ኣየር ናብ ውሽጢ ክነእቱን ከምኡ'ውን ናብ ደገ ከነውጽእ ንኽእል።

**ንቅድሚት ቀሪብካ ኮፍ ምባል** (Sitting forward)

ኮፍ ኣብ እንብለሉ እዋን ኣካላትና ክዘሓን ዕረፍቲ ክረኽባን ስለ ዝኽእል ክነስተንፍስ ኣይንሽገርን ኢና። ስለዚ፡ ሕጽረት እስትንፋስ ከጋጥመና እንከሎ፦

- ኣብ ኩርሲ ኮፍ ኢልና፡ ኣእጋርና ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ኣተንኪፍና ሕቖና ናብ ቅድሚት ከቐንዖ ይግበኤ።
- ኣእዳውና ኣብ ሰለፍና ብምቕማጥ፡ ጭዋዳታት ክሳድናን መንኩብናን ግቡእ ዕረፍቲ ከም ዝረኽቡ ምግባር።

እዚ ዓይነት ኣቀማምጣ ናብ ሳንቡእ ተዘርጊሖም ዝርከቡ ሻምብቆታት እስትንፋስ ብግቡእ ክኽፈቱ ይሕግዞ።

**ርእስኻ ኣብ ጣውላ ኣደጊፍካ ኮፍ ምባል** (Sitting forward supported by a table)

ኣብ ከብኪ መንበርን ጣውላን ምስ ዝሀሉ፣ ኣጋጠምካ ዘሎ ሕጽረት እስትንፋስ ንምፍዋስ ተዛዚኻ ኮፍ ክትብል ከም እትኽእል እያም ክኢላታት ዝሕብሩ።

- ኣእጋርና ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ኣርጊጽና ኣብ'ቲ ወንበር ኮፍ ምባል።
- ርእስናን ኣእዳውናን ኣብ ጣውላ ሰቒልና ብዝዮዮእ ዕረፍቲ ምርካብ።

እዚ ዓይነት ኣቀማምጣ እዚ'ውን ናብ ሳንቡእ ተዘርጊሖም ንዝርከቡ ሻምብቆታት እስትንፋስ ኣብ ምኽፋት ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

**ሕቖና ናብ መንደቕ ደጊፍና ደው ምባል** (Standing with supported back)

ብግቡእ ደው ምባል ኣካላትና ከም ዝዘሓለ ስለ ዝገብር ኣብ ምኽፋት ሻምብቆታት ስርዓተ እስትንፋስ ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ።

- ኣብ ጥቓና ናብ ዝርከብ መንደቕ ብሕቖና ተጸጊዕና ደው ምባል። ምሕኮልትና ምሉእ ብምሉእ ኣብ'ቲ መንደቕ ብምልጋብ ኣካላትና ከም ዝዘሓለ ምግባር።
- ኣእጋርና ካብቲ መንደቕ ንቅድሚት ፈንቲትና ኣእዳውና ናብ ሰለፍና ምግባር።
- መንኩብና ከም ዝዘሓለ ድሕሪ ምግባር ርእስና ንቕድሚት ኣቐኒዕና ክሳብ እስትንፋስና ዝመሓየሽ ምጽናሕ።


**ብኢዳውና ተደጊፍና ደው ምባል** (Standing with supported arms)


- ኣብ ጥቓና ናብ ዝርከብ ጣውላ ብኢዳውና ተደጊፍና ደው ምባል።
- ሕቖና ካብ ክሳድና ጀሚርና ንቕድሚት ከም ዝቐንን ምግባር። እዚ ኣገባብ'ዚ ክሳድናን መንኩብናን ክፈታታሕ ስለ ዝገብር፡ ብቐሊሉ ኣየር ክነእቱ ይሕግዘና።

**ብሕቖና ተዛዚና ምድቃስ** (Sleeping in a relaxed position)

መደቀሲና ሰጥ ዝበለ ገደርና ኣብ ክሳድናን መንጎ እግርናን መተርኣስ ብምግባር ተዛዚና ምድቃስ። እዚ ኣገባብ'ዚ ሻምብቆታት ኣየር ክኽፈቱ ይሕግዝ እዩ።

**ምንጪ፦** healthdirect





# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# “ቁሩብ እንተ ትድንጉ ምተጸለልካ!”

ኬብሮን መርሃዊ

ንመሓመድ ሳልሕ ኣብ መድብ ሸኾርዋ እየ ዝፈልጦ፡፡ ንተወዳደርቲ ብረቂቕ ፍልጠት መዚቃ ስምዒቶን ርእይቶኡን ክገልጸሎም ምስ ሰማዕኩዎ ኣደኒቐዮ፡፡ ምሁር ምወሃሃደን ምድረሰን መዚቃ እዩ፡፡ ናብዚ ደረጃዚ ዘብጽሖን ከም ሰብ ዝተጓዓዞ መንገዲ ህይወትን ኣመልኪትና ኣዕሊልናዮ ነይርና፣ ኣብ ክልተ ክፋላት ከቕርቦ ኢና፡፡ ቀዳማይ ክፋል ደስዑ፡፡

**ኣብ ቀልዕነትካ ዘጋጠመካ ዝኸ ናይ ሕጂ ህይወትካ ዝጸለወ ወይ እትብሎ መድረኽ ኣሎዶ፧**

እወ!

**እንታይ፧**

ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡፡

**ብኸመይ፧**

ወዲ ዓሰርተ ዓመት እንከለኹ'የ ብሃገራዊ ጻውዒት ኣብ 1985 ናብ ሰውራ ከይደ፡፡ እቶም ዝወሰዱና ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናብ ቦታኦም ክሳብ እንበጽሕ እናተበራረዩ ሓንጊሮምና እዮም ከይዶም፡፡ ሳሕል ምስ ኣተና፡ ናፈቕና ሃዲምና ዓድና ክይንምለስ ሓለውቲ ገይሮምልና፡፡ ሓቂ'ዩ ካብይ ምስ ዝዓቢ መተዓብይተይ ሃዲመ ክምለስ እሓስብ ነይረ፡፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ግን ትምህርቲ ጀሚርና፣ ኣብ ባህሊ ድማ ኣእቲዮምና፡፡ መጀመርታ ጸለእየ፣ ደሓር ግን መስርሒ መዚቃ ክዕድለና ምስ ጀመረ እናፈተኹዎ ከይደ፡፡ ኣብ ትምህርቲ መማህርተይ ከይቅድሙኒ ኣጸቢቐ እጽዕር ነይረ፡፡ ሓደ ካብቶም ንፉዓት ኮይነ ድማ እርቃሕ ነይረ፡፡

በብቑሩብ ምስ ተመሃሮ ክንላለ ምስ ጀመርና፡ ምሕር ፍቕሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክሓድረኒ ጀሚሩ፡፡ ዓመት ምስ ጸናሕኩ፡ እቶም ምዕቡይ ዝበሉ ደቂ ዓደይ 'ንዓናይ ዓድና ንመለስ' ኢሎምኒ፡፡ ኣብየዮም፡፡ ሳላ ኣብኡ ዝተረኽብኩ ከኣ እዚ ዘለኹዎ ደረጃ ክበጽሕ ክኢለ፡፡ ኣነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ'የ ተሃኒጸ፡፡ ናብ ኩናት ክጥበስ ኣይተገብኩን ካብ ዓደይ ናብ ሜዳ ተወሲደ፡፡ ነዊሕ ራእይ ዝውንን ህዝባዊ ግንባር፡ ተካኢ ወለዶ ንምፍራይ እዩ ካብ ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ወሲዱ ኸይጸኡኒ፡፡

**ቅድሚኡ ኩነታት ብዛዕባ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ትፈልጦ ነገር ነይሩካዶ፧**

ኣቡቲ ዝዓበኹሉ ከባቢ ዚያዳ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ (ተሓኤ) እዮም ዝፍለጡ ነይሮም፡፡ ኣቦይ'ውን ኣብ 1972 ናብ ተ.ሓ.ኤ. ተሰሊፉ ነይሩ፡፡ ሓደ መዓልቲ ዘይርስዖ፡ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናብቲ ዝነበርናዮ ከባቢ መጺኦም፣ ማይ ስትዮም፣ ከዕርፉ ኮፍ ኢሎም፡፡ ሓወቦይ፡ 'ጸብዱ ክሓልበልኩም' ኢሉዎም፡፡ ሕራይ ኢሎሞ ክሳዕ ዘፍልሖሎም ተጸቢዮም፡ ምስ ሰተዩ ሰላም ኢሎምና ከይዶም፡፡ ትሕትናኦም ኣዝዩ ማሰጡኒ፡፡ ኣብ ፍቕርም ወዲቐ፡፡ ክርእዮም ኣዝየ እብህግ ነይረ፡፡ የሱፍ መሓመድ እንዋጾት ዝበሃል ቀረባ ቤተሰበይ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ነዕረፍቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ዝነበረ እዋን ጽግዕጽግዕ እብሎ ነይረ፡፡ ሽታ ካላሽን ባህ ይብለኒ ስለ ዝነበረ ከኣ ካብኡ ኣይፍለን ነይረ፡፡ ተጋዳላይ የሱፍ 'በሊሕ ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ሰውራ ክወስደካ እወናወን ነይረ፡፡ ይኹን'ምበር ከባቢና ኣብ ትሕቲ ሓያል ጽልዋ ተሓኤ ስለ ዝነበረ፡ ወደም ናብ ሻዕብያ ወሲዱ ኣጥፊኡዎ ከይብሃል ፈሪሐ' ብፃማል ከም ዘቋረጸ ኣዕሊሉኒ፡፡ ኣብቲ ናይ ፈለማ ሃገራዊ ጻውዒት ግን ተጋዳላይ የሱፍ ነቲ ዕድል ተጠቒሙ፡ ገጹ ሽፊኑ ከም ዝወሰደኒ ይዝክር፡፡ ድሒሩ ኣቦይ ኣብ 1978 ኣብ ኩናት ባረንቱ ሰንኪሉ፡፡ ድሕሪ ምብትታን ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ንገለ እዋን ጸኒሑ ኣብ 1987 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሩ፡፡ እዚ ማለት፡ ኣነ ቅድሚ ኣቦይ እየ ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፈ፡፡

**ኣብይን ብኸመይን ዓቢኻ፧ ካብ እዋን ቀልዕነት፡ ጸወታታት፡ መተዓብይቲ . . . ብፍሉይ እትዝክሮ ወይ እትናፍቖ ኣውግዓና፧**

ኣብ 1975 ኣብ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ፡ ምምሕዳር ዝበረዱ ካብ ኣቦይ ሐሴን ኣሕመድን ኣደይ ኩዳኛ ኣብተበርን ተወሊደ፡፡ ተዘክሮ ንእሽተይ ኣብ ዓድና ውሑድ'ዩ፡፡ ናብራና ኣብ ጉስነት ዝተመርኮሰ'ዩ ነይሩ፡፡ ስለዚ፡ ጥራትካ ከመይ ደሰቡላ፣ ከመይ ደራብሉ፣ ካብ ኣራዊት ብኸመይ ትከላኸለለን እየ ዝሓስብ ነይረ፡፡ ህይወት ዓድና ቀሊል'ዩ ነይሩ፡፡ ብዙሕ ዘጨንቕ ወይ ዘሕስብ ኣይነበርን፡፡ ብዛዕባ ትምህርቲ፡ መጻብብር፡ . . . ኣይንምኸኻቕን ነይርና፡፡ ብፍሉይ ዝዝክሮ ግን፡ ጥራትና ንመሸጣ ክወርዳ እንከለዋ ክበኪ እውዕል ነይረ፡፡ ምስ መተዓብይተይ ሓንቲ'ውን ክትጎድለና ኣይንደልን፡፡ ዘይተርፍ ስለ ዝኾነ ግን በኺና ጥራሕ ንሓልፍ ነይርና፡፡ . . . ጥዑም እዋን ቀልዕነት'ዩ፡፡

**ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክሳዕ ክንደይ ክፍሊ ተማሂርካ፧**

ክሳዕ ሻድሻይ ክፍሊ በጺሐ፡ ጸቡቕ ዝንባለ ኣብ ትምህርቲ ከኣ ነይሩኒ፡፡

**ድሕሪ ናጽነትከ፧**

ሓቂ ዝረቡ ብዙሕ ዝጸገመኒ ኣይነበረን፡፡ ኣብ 1991 ናጽነት ኮይኑ ኣስመራ ምስ ኣተና፡ ሻብዓይ ክፍሊ ጀሚረ፡፡ ደስ ስለ ዘይበለኒ ግን ኣብ ፍርቂ ኣቋሪጸዮ ንዓዲ ከይደ፡፡ ኣብኡ'ውን ስለ ዘይምእማኣኒ ተመሊሰ፡፡ ድሕሪ ግዜ ግን ኣብ ደቀምሓረ ሻሙናይ ክፍሊ ጀሚረ፡፡ ሳልሳይ ብልጫ ክወጽእ እናተጸበኹ ሻሙናይ ስለ ዘወጻእኩ፡ ሓሪቐ እንደገና ገዲፈዮ፡፡ ደሓር ግን ተመሊሰ ጸቢቕ ቀጺሉ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ብፆወት ዛዚሙ፡፡ ኣብ ዓሰራይን ዓሰርተው ሓደን ክፍሊ ድማ ብልጫ ወሲደ፡፡ ሞራል ገይሩ፡፡ ትምህርቲ እናፈተኹዎ መጺኡ፡፡



**ጉዕዞ ኣብ ስነ ጥበብ መዚቃ ብኸመይ ጀሚርካ፧**

ቁልዓ እንከለኹ ኣዝየ ወዑይ እየ ነይረ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካልኣይ ክፍሊ እንከለኹ'የ ጀሚረዮ፡፡ መምዚ ብቐዓት ዋዒ ወይ ነጠፍጠፍ ምባል ስለ ዝነበረ፡ መማህራነይ ናብ ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕንቦብ ኣእትዮምኒ፡፡ መሰርሒ መዚቃ ምስ ተወሃብና ድማ ክፈትዎ ጀሚረ፡፡ ሽዑ ክራር'ያ በጺሓትኒ፡፡ ካልእ ብልጭልጭ ዝብል መሳርሒ መዚቃ እንከሎ ዝኣ ይሀበኒ ኢለ ሓሪቐ፡፡ ኮታ ኢለ ድማ መዓልታዊ እብትካ ነይረ፡፡ ዝኸ ዘስተብሀለ ኣመና ዘለኽቅቐኒ ዘቀጥቅረለይን ዝነበረ መምህር ሕሩይ ጉብረሚካኤል፡ በብግዚኡ ደስ ዘዘበለኒ መሳርሒታት ቀይሩለይ፡፡ ባህላዊት ክራርን ሳክስፎንን ብዘተፈላለየ ምኽንያት ኣይፈተኹወንን፡፡ ኣብ መወዳእታ፡ ትራምፔት ሐዘ፡ ኣርባዕተ ወርሒ ዝኸውን ምስ ተጠቀምኩላ፡ ናጽነት ኮይኑ፡፡

**ድሕሪ ናጽነት ምስ መዚቃ ከመይ ቀጺልካዮ፧**

ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብቲ መጀመርታ ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርትን ኣብ መዚቃን ሰሪፈ ነይረ፡፡ ኣቦይ ካብ ዓዲ መጺኡ ካብቲ ዝነበርኩዎ ቦታ ንዓዲ ምስ ወሰደኒ፡ ንሽዱሽተ ወርሒ ኣብኡ ጸኒሐ፡፡ ኣይምእማኣንን ተመሊሰ፡፡ ብድሕሪኡ መለሰ ናብ መዚቃ ከደሀብ ጀሚረ፡፡ ከምዚ እናበልኩ ኣብ 1997 ትምህርቲ መዚቃ ኣብ ዝጀመርኩሉ፡ መምህር ኤልያስ ወልደገብርኤልን ፍጹም የውሃንስን (ሻምበል) ሓጊዞምኒ፡፡ በብቑሩብ ድማ በቲ ሓሳስባ እናዓበኹ መጺአ፡፡ ብፍላይ ኤልያስ ምሾት ከይተረፈ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ፡ ኣብ ገዛኡ . . . ክሕግዘኒ ጀሚሩ፡፡ ፍጹም ከኣ ኣቡታ ብዚያዳ ባዕለይ ዞማዕበልኩዋ ኦርጋን ብዙሕ ናይ ጽሑፋት ሓገዝ ኣበርኪቱለይ፡፡ ንባዕለይ ተማሂረሰ ክምህር'ውን በቒዐ፡፡

**ትምህርቲ ድሕሪ ምውዳእካ ናበይ ተመዲብካ፧**

ምስ ማርሺን ባንድ ተመዲበ ሰሪሐ፡፡ ኣብ 2002፡ ሓሙሽተ ቻይናውያን ክኢላታት መዚቃ ክምህሩ ናብ ኤርትራ መጺኦም፡፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓሳፊና ዝነበረ ኣርኣያ ሃይሉ ዝነበረ ተገዳስነትን ንጥፈትን ርእዩ ክተሓጋገዞም መሪጹኒ፡፡ ብዚያዳ ኣብ ምትርጓም'የ ዝሕግዞም ነይረ፡፡ ሓደ ካብቶም ቻይናውያን ቋንቋ እንግሊዝ ይኽእል ነይሩ፡፡ ኣነ ድማ እቲ ቻይናዊ ዝተርጎመለይ እንግሊዝኛ ነቶም ተመሃሮ ናብ ትግርኛ ይትርጉመሎም ነይረ፡፡ መምህር ቻይና ይዛረብ፣ ካብ ቻይና ናብ እንግሊዝ፣ ኣነ ድማ ካብ እንግሊዝ ናብ ትግርኛ፡፡ ተቐባቢልና ንረዳዳእ ነይርና፡፡ ነቲ ዝወሃቦ ናይ መዚቃ ዕዮታት ድማ ምሾት ድሕሪ ድራር እምህሮም ነይረ፡፡

**ካብዚ ግዜዚ ዲኻ መዚቃ ክትምህር ጀሚርካ፧**

እወ፡ ናይ ሽዑ ተመሃሮና ሓደስቲ ኣባላት ማርሺን ባንድ እዮም ነይሮም፡፡ ኣብ ማይሃባሓሊ ንሓደ ዓመት ትምህርቲ መዚቃ ተዋሂቡዎም፡፡

**ፋልማይ ተመክሮኻ ኣብ ሞያ ምምህርና መዚቃ ከመይ ነይሩ፧**

እቶም ክምህሩ ዝመጹ መማህራን መዚቃ ቻይናውያን ኣለቶም ክእለት ስለ ዝነበሮም፡ ካብ ኩሎም ዝወሰድኩዎ ተመክሮ ኣዝዩ ሓጊዙኒ፡፡ ንባዕለይ እናተመሃርኩን ተመክሮ እናቐሰምኩን እየ ንኣቦላት ማርሺን ባንድ ዝትርጉመሎምን ዝምህሮምን ነይረ፡፡

**ናብ ጉዕዞ ትምህርትኻ ክንምለስ፡ ኣብ ቻይና ኣርባዕተ ዓመት ገይርካ ነይርካ፡፡ እንታይ ኢኻ ተማሂርካ፧**

ምወሃሃደን ምድረሰን መዚቃ (music composition) ተማሂረ፡፡ እቶም ኣብ 2002 ክምህሩና ዝመጽኡ ቻይናውያን ንዓመት ኣብዚ ምስ ጸንሑ፡ ዓደም ክምለሱ ነይሮምም፡፡ እቲ ትምህርቲ ግን ኣብ ዓመት ዝውዳእ ኣይነበረን፡፡ ስለዚ፡ ኣብ ምዝዛም ንምብጽሑ ሰለስተ ሰባት ክወስዱ ሓሲቦም፡፡ ሓደ ካብቶም ሰለስተ ኮይነ ተመሪጸ ኣብ 2003 ናብ ቻይና ከይደ፡፡ ሓደ ዓመት ቋንቋ ቻይና ተማሂረ፡፡

**እቲ ትምህርቲ ከመይ ነይሩ፧**

ክትሕዞን ከተጸንዖን ብርቱዕ ቋንቋ'ዩ፡፡ ብብዙሕ ጻዕርን ብሓገዝ ናይቶም መማህራንን ግን ቀስ እናበለ ክርድኣኒ ጀሚሩ፡፡ መደብ ትምህርቲ መዚቃ ብቛንቋ ቻይና ስለ ዝነበረ፡ ብዕቱብ ክሕዞ ነይሩኒ፡፡ ስለዚ፡ ክሳብ ሩዱስ እመሃር፣ ድሕሪኡ ዘሎ ዝተረፈ ግዜ ኣብ መጽናዕቲ ኣሕልፎ ነይረ፡፡ እቶም መማህራን ከኣ፡ ብተደጋጋሚ፡ “ኣብ ቋንቋ ዝሓመቕ ዓዱ ክንመልሶ ኢና፡” ይብሉና ስለ ዝነበሩ ዚያዳ ክጽዕር ነይሩኒ፡፡ ኣነ እንተ ሓሚቐ ሃገረይ እየ ከኽፍእ እናበልኩ ብዙሕ ጸዒረ፡፡ ብተወሳኺ፡ እቲ ዝመረጽኩዎ ዓውዲ ትምህርቲ ዝሓየለ'ዩ ነይሩ፡፡ ብዚይ ቋንቋኻ ምምሃር ተወሲኹዎ ከኣ ኣዝዩ ከቢዱኒ፡፡

**ከመይ ደኣ ቀጺልካ፧**

ኣብተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ብዘይቀልዓለም ናብ መምሃሪ ክፍሊ ኣትየ ጥራሕ እየ ዝወጽእ ነይረ፡፡ ዝሕዞ ኮነ ዝርድኣኒ ነገር ዳርጋ ኣይነበረን፡፡ ተገዳስነተይ ግን ላዕሊ'ዩ ነይሩ፡፡ ቅድሚ ሰብ ኣብ ክፍሊ እርከብ፣ ድሕሪ ሰብ ከኣ እወጽእ ነይረ፡፡ (ሱላቕ. . .) ደሓር ግን ተወሳኺ ናይ ትምህርቲ ግዜ ጀሚርምለይ፡፡ ምኽንያቱ፡ ሓሚቐ ተባሂለ ዓደይ እንተ ተሰጕገ ንሃገረይን ንቻይናን ከዕሕሚ ተባሂሉ፡ መማህራነይ ኣብ ከቢድ ስክፍታ ብምእታዎም ተጊዲሶም ሓጊዞምኒ፡፡ ድሕሪ ግዜ ከኣ እናመለኸኩዎ መጺኡ፡፡ ኣብ ነጥበይ ባዶ ካብ ምምጻእ ሰጊረ ደሓን ከመዝግብ በቒዐ፡፡ ኣብዚ ግን ሓደ ሽግር ተፈጢሩ፡፡



**እንታይ፧**


ቋንቋ እናተመሃርኩ፡ ካብ ምሕር መጽናዕቲ ዓይነይ ሓሚሙ፡፡ ካልኣይ ዓመት ምስ በጻሕኩ፡ ብርቱዕ ናይ ርእሲ ሕማም ኣጋጢሙኒ፡ ናብ ሕክምና ከይደ፡፡ እቶም ሓካይም፡ 'ሳላ ቀልጢፍካ ዝመጻእካ ተማሒርካ ኣለኻ!' ኢሎምኒ፡፡ 'ቁሩብ እንተ ትድንጉ ምተጸለልካ!' እውን ኢሎምኒ፡፡ ዘይሓሰብኩዎ ረኺቡ፡ ትምህርቲ ኣቋሪጸ ንኽልተ ሰሙን ኣዕሪፈ፡፡ መማህራነይ ተገሪሞም፡ እቲ ቀንዲ ዝምህረኒ ዝነበረ ፕሮፌሰር፡ ብምድሓነይ ኣዝዩ ተሓጒሱ፡ 'ተመሃራዳይ ክሳዕ ከምዚ ዝኸውን ጸዒሩን ኣጸንዑን!' እናበለ ክሕብን ጀሚሩ፡፡ ናብቲ ዝዓበየ ስቱድዮ ሻንጋዛይ ወሲዱ፡ “ተመሃራዳይ ርእዩም፡ ካብ ባዶ ተበጊሱ ብጻዕሪ ኣብዚ ደረጃዚ በጺሑ” እናበለ ምስ ብዙሓት ኣላልዩኒ፡፡

**ብድሕሪኡኸ እንታይ ገርካ፧**

ናብ ትምህርተይ ተመሊሰ፡ ጸቡቕ ከኣ ሰጒመ፡፡ ብፍላይ ኣቲ ቋንቋ ጸቡቕ መሊኸዮ፡፡ ብሓፈሻ፡ ኣብ ሳልሳይ ዓመት ጸቡቕ ነጥቢ ኣመዝጊበ፡ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ኤርትራ ተረዳዲአ ከኣ ናይ ሓደ ዓመት ትምህርቲ ወሲኸ፡

**ከመይ'ሞ ዛዚምካዮ፧**

ይቕጽል



## ኮርናዕ ገጠምቲ

### ጉያይ ባርኽለይ

እንክውለድ ዝተቐበሉኒ ብእልልታ
ንኽዓቢ ዘንጸፉለይ ባይታ፣
ከምቲ ንኽመሃር ኩሉ ዝገበሩ
ሰብ ክኾነሎም ብልቢ ዝጸዓሩ፣. . .
ጻማ ወለደይ ክኸፍል፡
ሰብ ኮይነ፡ ነብሰይ ክኽእል. . .
ኣንታ ኩሉ እትርኢ ፈጣሪ!
ኣብዛ ዘላትኒ ዕምሪ፥
ሓሳበይ ክሰምረለይ
ሕልመይ ክግሃደለይ
ሓንጎለይ ክዓርፈለይ
ናብራይ ክጽብቐለይ. . .
ጉያይ'ባ ባርኽለይ!

መኽሰብ ዓወት
(ተመሃሪት ሻምናይ ክፍሊ)

(ኣብ ውድድር ግጥሚ ፈስቲቫል ኤርትራ 2025 ሳልሰይቲ ዝወጽአት)

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ መድህን ዑቕባሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣማኑኤል ተስፋልደት ፎቶ ስለዘዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ሰሊማን ሓሰን፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኢብራሂም ሰሊማን ናይ ምስራዝ ውክልና ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

የሰፍ በረኸትኣብ፡ ኣደይ ንግስቲ ሳህለ ፍስሃየ ስለዘዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ኣልማዝ ፍስሃ ምስየኹ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ፍስሃየ ሰለሙን መረሰኑ ናይ ፈጸሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን2/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ኣመልካቲት ገነት ወልደኪዳን ወልደጊዮርጊስ፡ ተጻዋዒ ኣማኑኤል ጺጋይ ጉብረ፡ ነቲ ኣብ ሊብሬቶ ኣብ ኣስመራ ከተማ ዞባ 3 ምም 05 ጎደና ህ ቁ/77 ፕሎት 114 ፓርሰል C ዝርከብ ተራ ገዛ ቁ/መሸጣ ውዕል 681/614 ብንብረት ቁ/መዝገብ 45408=49765 ኣብ ሃገራዊ ካዳስተር ተመዝጊቡ ዘሎ ከም ብዓልቤት ኣትዩ ዘሎ፡ ቅድሚ መርዓ ዝተጠረየ ስለ ዝኾነ፡ ስሙ ካብ ሊብሬቶ ክስረዘለይ ስለ ዝበለት፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/ሰ/መሳል ኣቶ ዳንኤል ኣማኒኤል ተኸለሚካኤልን ወ/ሮ ሰምሃር በርሀ ወልደጋብርን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ዘይኑብ ሓጎስን ወረ/ፍ ጆማል ሰዒድ ጊዮቱን ኣሲያ ጀሃን ዘሎ ናይ ፈጻሚ ጉዳይ፡ ኣድራሽኦም ስለዘይተፈልጠ፡ ተኸሰስቲ ቁ.1.1.6 መሓመድኑር ኢማም 1.1.7 ኢብራሂም ኢማም፡ 1.1.8 መሰጦፋ ኢማም፡ 1.1.9 ኣሕመድ ኢማም 1.1.11 ሳልሕ ኢማም 1.2.1 መሰጦፋ ጠልሰም ፡ 1.2.2 ያሕያ ጠልሰም፡ 1.2.3 ናስር ጠልሰም 1.2.4.ዓዚዛ ጠልሰም 1.2.5 መና ጠልሰም 1.2.6. ሰዒድ ጠልሰም 2.1. ኑር ጆማል፡ 2.2.መሰጦፋ ጆማል 2.3.ፋጥማ ጆማል 2.4.ኣልኣሚን ጆማል 2.6. መሓመድ ጆማል 2.7 ብርሃኑ ጆማል 2.8.ሰሚራ ጆማልን 2.9 ሩማና ጆማል ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን16/10/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኽምሉ ክረአ ምኻኑ ነፍልጥ።

---

ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝርከብ ብስም በዓል ቤተይ ኣቶ ኪዳ ተኸሉ ብቑጽሪ ንብረት 4BRDKM003399 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝበልካ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07312977 (ወ/ሮ ምሕረት) ወይ ድማ 07191373 (ኣቶ ቴድሮስ) ኢልኩም ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት መተካእታ ክላትት ምኻነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ምሕረት የውሃንስ እማን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ካረስ ቁ.ገዛ 5 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041361 ናይ ስነ ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ትካለይ ንኣቶ ኣቢኒር ብርሃ ዓንደማስቀል ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ቁ.መዝ 187/2025 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝበል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተረካቢ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ወረስቲ ንግስቲ ፍስሃየ በየን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ከባቢ ዚፕ ኮድ 4 ኣስመራ 1A137 ጎደና 137-52 ቁ.ገዛ 19 ፕሎት 8 ቁ. ፓርሰል /ዞን ASP00032235 ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 80 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍሊ 3 ተሓጋጋዚ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ብመለለዪ ቁ. 1፡003809/2 ብስም መና ኣሕመዲን ሓሰን ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ስለ ዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ከውድእ ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሂወት ሃይለ ገዛሆኝ

---

ብስም ወ/ሮ ብርኽቲ ሓጎስ ገብረማርያም፡ ብናይ ቤ/ጽ ኮሚሽን ኣባይቲ ቁምስክር ወረቐት 117750 መወከሲ ቁጽሪ 140470 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበልካ እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቑ.ቴሌፎን 07176743 ክትሕብሩኒ። እንተዘየለ ግን ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ናይቲ ዝጠፍአ ኦርጂናል ሊብሬቶ ክወሃበኒ ከም ዝላትት ኣፍልጥ ኣለኹ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ሓጎስ ገ/ማርያም

---

ኣቶ ርእሶም ብእምነት ብርሃኑ ዝተፈቕደሎም መሸጢ ብሽክሌታን ናውቲ ስፖርትን ንግዳዊ ትካሎም፡ "ቲኪይ ባይክ' '(TK. BIKE) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝላተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ጎደና 176-13 ቁ.ገዛ 46 ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00034015 ናይ ቤት ኤሌትሪክ ኣቑሑ መሸጥን ምክራይን ትካል ንወ/ሮ ጽገ ዘርኣይ ዑቑባዝጊ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ፡ ጎደና ባርካ ቁ.ገዛ 32፣ ብዕለት 05/05/2025 ቁ.መዝ 80811172505113136 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝበል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተረካቢ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ኤደን ዘርኣይ ዑቕባዝጊ

---

ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 752-4 ዚፕ 1A751 ፕሎት 8 ፓርሰል F ዝርከብ፡ ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1፡011429/1 ብስም ብዓል ቤተይ ነፍ/ሄር ምስየኹ ብርሃ ዑንትራን ብስመይን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ምህላዉ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ገዛ መበቆላዊ (ኦርጂናል) ምስክር ምዝገባ ዋንነት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ሒዙዎ ወይ ረኺቡዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07118638 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘየሎ ካልእ መተካእታ መበቆላዊ (ኦርጂናል) ምስክር ዋንነት ክላትት ምኻነይ ብኣኽብሮት እሕብር።

ወ/ሮ ዘውዲ ዑቕባሚካኤል ወልደማርያም
ወኪል ኣቶ ምሕረትኣብ ምስየኹ ብርሃ

---

ወላዲተይ ወ/ሮ ሃይማኖት ገብረስላሴ ገብረመድህን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ምም/06 ዞባ 02 ቁ/ሎታ 4 ጎደና 409፡ ቁ/ገዛ 65፡ቁ/ምስክር ወረቐት 121132 መወከሲ ቁ/139122 ብስም ኣቦና ነፍ/መብራህቱ ኣማር ጴጥሮስ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ንበጽሒታ ኣብ ቤት ፍርዲ ወሂቡቶ ስለዘገበረትለይ'ሞ ናብ ስመይ ክሕልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤ/ጽ/ኖታርን ቤ/ጽ/ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ከውድእ ምኻነይ እሕብር።

ዳግማዊ መብራህቱ

---

ብስም ደሓደጋ ሰለሙን ዓንደሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042483 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዳህላክ ቁ.ገዛ 138 ዝርከብ ናይ ፒዜርያን ፋስት ፉድን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣወጣሽ በለጠ ትኩእ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 112-2 ቁ.ገዛ 91 ካብ ዕለት 01/09/2025 ክሳብ ዕለት 31/08/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ደሓደጋ ሰለሙን ዓንደሚካኤል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ጽገና፦ ዝተፈላለየ ሓይሊ ፈረስ ዘለዎ ዲናሞታትን ዝተፈላለየ ዓቕሚ ዘለዎ UPS ባትሪ ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፒየራትን ዝተፈላለየ ዓቕሚ ዘለዎ ፍሪጃትን ኣየር ኮንድሽነርን።
ዘጸግን ትካል፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ጽገና
ኣገባብ ጽገና፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመት 2026 ካብ 01/2026 ክሳብ ወርሒ 12/2026 ንቤት ጽሕፈት፡ ንላቦራቶሪ ተመሃሮ፡ ንምርኽ ሾፕ፡ ዘገልግል ዲናሞታት፡ UPS ባትሪ ፕሪንተራት፡ ኮፒየራት፡ ፍሪጅታትን ኣየር ኮንድሽነር ዝጸግኑ ኣወዳዳሪ ኮማርት ስለ ዘድለየ፡ ሕጋውያን ጸገንቲ ይዕድም።
1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንሕጋውያን ትካላት ዋጋታት ጽገና ዲናሞታት UPS ባትሪ ፕሪንተራት፡ ፎቶ ኮፒየራት፡ ፍሪጃትን ኣየር ኮንድሽነርን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ መንነት ወረቐትን የቕርቡ።
4. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሓሙስ 16/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዘቕረበ ተወዳዳሪ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተወዳደርቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሓሙስ ዕለት 16/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል፡ ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ተወዳደርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ ቤት /ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቴን) ነበር ቁጽሪ ቴሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
7. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ቴሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

---

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ እሩይ ጉፍሮ በርበረን ኣሕምልትን
ዓዳጊ፦ ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ
ኣርእስቲ ውዕል፦ (ዓመታዊ ቀረብ እሩይ ጉፍሮ በርበረን ኣሕምልትን)
ኣገባብ ዕድጊ፦ (ክፉት ሃገራዊ ጨረታ)
ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ንዓመት 2026 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ንተመሃሮ ዝውዕል ቀረብ እሩይ ጉፍሮ በርበረን ኣሕምልትን ኮማርት ስለ ዘድለየ፣ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ብኽብሪ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ እሩይ ጉፍሮ በርበረን ኣሕምልትን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተወዳደርቲ፡ ፍቓድ ንግዲ (ሊቸንሳ) ቅዳሕ ናይ 2024 ክሊራንስ ኣ/ውፃ/ሃገ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ብዘወሳኺ ቅዳሕ መንነት ካርድኹን የቕርቡ።
4. ተወዳደርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድልዩ ካብ ጨ/ቤ/ጽ ኮ.ቢ.ማ.ስ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ብቁ.ተሌ 08371388 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተወዳደርቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚእቲ ናቕፋ) ኣብ ካሸር ከፊሎም ቅብሊት ብምምጻእ፡ ሰነድ ጨረታን መምርሒ ጨረታን ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን15 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ክሳዕ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ክፉት ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ተወዳደርቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወኪልቶም፡ ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘብ ዝመጸኡ ሰባትን ኣብ እተረኽብሉ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፡ ብወግዒ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ብሲፒኦ ልክዕ ሚእቲ ሽሕ (200.000) ንኣሕምልቲ፣ ሚእቲ ሽሕ (100,000) ከኣ ንጉፍሮ በርበረ ብምትሓዝ ክስዕ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝኣዝዞ ማሰረት ይፍጸም።
9. ኮሌጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ፡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኣቦመንበር ኮሚቴ ጨረታ
ኣስመራ ኤርትራ፡ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ቁ.ኣፊስ 304/308
ቁ.ተሌ. 08371388

---

ብስም ሓዳስ ለገሰ ትኩእ፡ ኣብ ዓዲ /ከበሳ ቆሸት ብመወከሲ ቁጽሪ 000405 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 010846 ፕሎት 28 ፓርሰል G ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ 07227032 ክሕብረኒ፣ እንተዘይብሉ ግን መተካእታኡ ንክምልከቶ ኣካል ክሳተት ምኽንያይ እሕብር።

ሓዳስ ለገሰ ትኩእ

---

ኣብ መንነ ኣካራዩት ለምለም ዘርኣይ ፋንታይን ተኻራዪት ናጽነት ደሳለኝ በርሀን ብ ቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040077 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ኳዜን ቁ.ገዛ 45 ዝተመዝገበ ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ንጥፈት፡ ካብ ዕለት 03/09/2025 ጀሚሩ ከም ዝተቛረጸ እናሓበርና፡ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ክቋረጽ ምኽኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ንግድን/ምዝገባን

---

ኣመልካቲ ዳዊት የማነስ ኣብራሃ ፍስሃየ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ሰንበል ጎደና 867-723 ዝርከብ ገዛ ፕሎት 105 ፓርሰል 0 ASP 00018674 ASD 00039928 ስፍሓት መሬት 260.80 ት/ሜ፡ ብዝሒ ክፍሊ ቀንዲ 10 ተሓጋገዝቲ 6 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1BRAMO006018 ብስምና ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ዓዳጋይ ከነመሓላልፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዝኣዝዞ መሰረት መእገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝነበሮ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኑታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ዳዊት የማነስ

---

ኣብ ከተማ መንደፈራ፡ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ ባሪ ዝርከብ፡ ብስም ኣማኑኤል ጉብረ ብርሃ ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 4 000665/5 ዝተመዝገበ ሰነድ ዋንነት (ሊብሬቶ ) ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ እንተሃልዩ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 (ሰላሳ ) መዓልታት ብቁጽሪ ተሌፎን 07122648 ክሕብረኒ ኣመልክት። እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታ ክሳተት ምኽንያይ እሕብር።

ኣቶ ኣማኑኤል ጉብረ

---

ኣነ ወ/ሮ ለምለም ሃይለስላሴ ደሞዝ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ/ዚፕኮድ ዕዳጋ ሓሙስ 1A112 ጉደና 112-9 ፕሎት 7 ፓርሰል/ዞን ASP00021951 ፓርሰል G ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1:007265/1 ብዕለት 03/14/2014 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓደግቲ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ለምለም ሃይለስላሴ ደሞዝ

ሸባብ

ሃማመተኤ

ጋሻ ሸባብ

ሳምራዊት ሊቭዮ

# “ንዝተገብረ ከተዘንትወሉ፡ ንኽዝንተወልካ ከኣ ክትሰርሕ ኣለካ።”

- ኢንጂነር ባርካት ሳሙኤል ማርኮ



*ኣብ 1992 ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ከተማ ተሰነይ ተወሊዱ። ኣብ ማእከል ፍቕሪ ትምህርቲ ዝነበራ ስድራቤት ብምዕባዩ፡ ንትምህርቲ ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ይወስዶ። ምስ ኣባላት 23 ዙርያ ናብ ሳዋ ብምዋራድ ከኣ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ብምምጻእ፡ ብዓውዲ ምህንድስና ባሕሪ ብልዑል ነጥቢ ተመሪቑ። ኣብዚ ግዜ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጒዳያት ይሰርሕ ኣሎ። ንዝሓለፎ ጒዕዞን ተመኲሮኡን ዝምልከት ዕላል ኣካይድናሉ ኣለና፣ ሰናይ ንባብ።*

** ኣብ ትምህርቲ ልዑል ተገዳስነት ከተሐድር ጽልዋ ዘሕደረልካ እንታይ እዩ?*

- ኣብቲ ትምህርቲ ዝጀመርኩሉ እዋን፡ ስድራይ ትምህርቶም ወዲኦም ኣብ ስራሕ ዓለም ዝተዋፈሩሉ ግዜ'ዩ ነይሩ። ኣባላት ስድራይ ስራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣብ ምምህርናን ካልእ ዝተፈላለየ ሞያን ዝሰርሑ እዮም ነይሮም። ስለዚ ብዙሕ መስርሕ ጒዕዞ ፍልጠት ሓሊፎም ፍረ ጻዕሮም ዝረኸቡ እዮም። ብፍላይ ድማ ወላዲተይ ኣብ ትምህርቲ ፍሉይ ተገዳስነት ነይሩዋ። ብትምህርቲ ኣቢላ ኣብ ስራሕ ዝተቖጽረት ስለ ዝነበረት፡ ኣነ'ውን ናቶም ኣሰር ተኸቲለ ኣብ ትምህርቲ ተገዳስነት ከሕድር ኣኽኢሉኒ። ናቶም ተመኲሮ፡ ናይ ህይወተይ ብፍልጠት ዝተማእከለ ክኸውን ዝያዳ ሓጊዙኒ። ስለዚ እቲ ዝበዘሐ ድርኺት ብስድራይ ዝተገብረ እዩ ነይሩ። ትምህርተይ ኣብ 1998 ጀሚረ። ብሰንኪ ወራር ወያነ ንግዜኡ'ኳ ተኹሊፈ እንተ ነበርኩ፡ ድሕሪ ምዝዛም እቲ ወራር ግን ትምህርተይ ክቕጽል ክኢለ።

** ዓውዲ ምህንድስና ባሕሪ ኢኻ ኣጽኒዕካ፣ ስለምንታይ ኢኻ መሪጽካዮ?*

- ኣብ ሳዋ እንከለኹ ሓትነይን ኣኮይን ብምህንድስና ኮምፕዩተርን ምህንድስና ሕርሻን ተመሪቖም ነይሮም። ኣነ ድማ እንታይ ከምርጽ'የ ብምባል ተሸጊረ ነይረ። ኣደይ ሰክረታሪ ስለ ዝነበረት ካብ ንእስነተይ ኣብ ኮምፕዩተር ጽቡቕ ኣፍልጦ ነይሩኒ'ዩ። ኣብ ፈለማ ምህንድስና ኮምፕዩተረ ክምሃር ሓሳብ'ኳ እንተ ነበረኒ፡ ሓትነይ ዘጽንዓቶ ዓውዲ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ስድራቤት ምድግጋም ናይ ዓወዲ ከይከውን ኢለ ገዲፈዮ። ግን ኣብ ዓስራይ ክፍሊ ከለኹ፡ ኣብ ፊዚክስ ብዛዕባ 'ፎርስ' እናተመሃርና እንከለና፡ “መርከብ ከመይ ገይራ ከተንሳፍፍ ትኽእል?” ዝብል ተማሂርና ነይርና። ከተንሳፍፍ ምኽኣላ ሓደ ፍሉይ ነገር ኰይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ፡ ብዛዕባ ኮለጃት ኣብ ዝወሃበና ዝነበረ መብርሂ (Orientation) ካብ ኮለጅ ማሪን ዝመጽኡ፡ ምህንድስና ማሪን ምስ መርከብ ዝተኣሳሰር ትምህርቲ ዝህብ ምዃኑ ክፈልጥ ክኢለ። በዚ ምኽንያት ነቲ ኣብ ዓስራይ ዝተማሃርኩዎ ብዕምቈት ምእንቲ ክፈልጦ ህንጡይነት ኣሕዲረ። ስለዚ፡ ነዚ ብምርዳእ ናብ ኮለጅ ማሪን ክጽንበር ወሲነ፡ ንዓውዲ ምህንድስና ባሕሪ ከኣ መሪጸ።

** ናይ ኮለጅ ትምህርቲ ከመይ ነይሩ?*

- ትምህርቲ ኮለጅ ሓድሽ መድረኽ'ዩ ነይሩ። ሓቂ'ዩ ኮለጅ ካብቲ ዝዓበኹሉ ከባቢ ዝረሓቐን ዝተፈልየን'ዩ ነይሩ። ብዓቢኡ ግን ሳዋ ንኸምዚ ዓይነት መድረኽ ኣዳልዩኒ ስለ ዝነበረ ብዙሕ ኣይከበደንን። ብዙሕ ተመኲሮ ኣጥርየ ስለ ዝነበርኩ ኣብ ኮለጅ ምስ ተጸምበርኩ ኣይተሸገርኩን። ነቲ ክፈልጦ ዝህንጠየ ዝነበርኩ ዓውዲ እናተማሃርኩ፡ ምስ መማህርተይ ንሓሙሽተ ዓመት ብጽቡቕ ኣሕሊፈዮ። ኣዝዩ ጽቡቕን ተዘካርን እዋን ትምህርቲ ድማ ብሓንሳብ ኣሕሊፍና። ድሕሪ ትምህርቲ እንታይ ክንሰርሕ ከም እንኽእል ብሓንሳብ ኴንና ንሓስብ ስለ ዝነበርና ስራሕ ምስ ጀመርና'ውን ብዙሕ ኣይከበደናን።

** ትምህርቲ ምስ ዛዘምካ ኣበይ ተመዲብካ? ናይ ፈለማ ተመኲሮኻኸ እንታይ ይመስል?*

- ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ'የ ተመዲበ። ነቲ ብኽልሰ ሓሳብ ዝቐሰምኩዎ ትምህርቲ፡ ብግብሪ ክሰርሓሉ ዕድል ረኺበ። ምህንድስና ባሕሪ ዝያዳ ነቲ መካኒካዊ ክፋል ናይ መርከብ ዝድህሰስ እዩ። ምስ ሞተር ዝተኣሳሰር'ዩ። ኣብ ስራሕ ምስ ኣተኹ፡ ኣብ ሓደ ዓቢ ጋራጅ ብምኻድ ነቲ ኣቐዲመ ዝተመሃርኩዎ ምስ ናይ ነዊሕ ዓመታት ተመኲሮ ዘሎዎም ብምዃን ብግብሪ ፍልጠተይን ዓቕመይን ከዕቢ ክኢለ። ነቲ ብሓሳብ ዝፈልጦ ብግብሪ ክፍትኖ ዕድል ረኺበ።

** ኣብ ፈለማ ናይ ስራሕ እዋናት ዘጋጠመኩም ብድሆታት እንታይ ነይሩ? ከመይ ገይርካኸ ክትሰግሮም ትፍትን ነይርካ?*

- ኣብ ስራሕ ዓለም ሓድሽ እንተ ኼንካ ነገራት ግድን እዮም ዝሕድሱኻ። ተመሃራይ እንከለኻ ናይ ተመሃራይ ባህሪ ሒዝካ ኢኻ ትመጽእ። ኣብ ስራሕ ምስ እትመጽእ ግን ከመይ ገይርካ ነቲ ፍልጠትካ ናብ ግብሪ ትልውጦ ዝብል ዝዓበየ ብድሆ ኣሎካ። ኣብ ትምህርቲ ዓቕምኻ ብነጥቢ'ዩ ዝዕቀን። ኣብ ስራሕ ግን በቲ እተርእዮ ግብራዊ ዓቕሚ ኢኻ እትዕቀን። ሰባት ይኾኑ ነገራት በቲ ናትካ ፍልጠት፡ በቲ ዝሰራሕካዮ መምርሒታት ክቕየዱ እንከለው ክትርኢ እንከለኻ ድማ'ዩ እቲ ስራሕ ዝበሃል። ስለዚ፡ ኣብቲ ብሞያ ኣድማዒ እትኸውነሉ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ነቲ ፍልጠትካ ከም መሳርሒ ተጠቒምካ፡ ኣብ ዙርያ እቲ ስራሕ ምስ ዘለዉ ሰባት ተመኲሮ ይኹን ልምዲ ከተጥሪ ኣሎካ።

** ካብ ፈለማ ክሳዕ ሕጂ ዓይኻዮም ወይ ዝተመደብካዮም ቦታ ስራሕ እንታይ ይመስል?*

- ኣብ 2015 ናብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ተመዲበ። መጀመርያ ምስ ተመደብኩ ከም መካኒክ ኮይነ ሰሪሐ። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ናይ ምሕደራ ከም ምክትታልን ግምገማን ንጥፈታት ተሓጋጋዚ ናይ ማናጀር ኮይነ ሰሪሐ። ቀጺለ ኣብ ኣሃዱ ህዝባዊ ርክባት ዓየ። ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጒዳያት እሰርሕ ኣለኹ።

** ኢንጂነር ብዘይካ'ቲ ትሰርሓሉ ዘለኻ ሞያ ጐድኒ ጐድኑ ዝተፈላለየ ሞያታት ኣሎካዶ? መበገሲኡኸ እንታይ'ዩ?*

- ሓደ ሞያ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ንኣይ ጸላዊተይ ኣደይ እያ። ሰክረታሪ ስለ ዝነበረት ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ምስ ኮምፕዩተር ጽቡቕ ሌላ ክህሉወኒ ክኢሉ። ካብዚ ተበጊሰ ምስ ኮምፕዩተር ዝተኣሳሰር ሞያ ንኸጥሪ ሓጊዙኒ። ግራፊክ ዲዛይን፡ ኤዲቲን፡ ከምኡ'ውን ካልእ ምስኡ ዝተኣሳሰር ስራሕ ንነዊሕ ዓመታት ሰሪሐሉ እየ። ብዘይካ'ዚ ምስኣል እውን እፈቱ እየ። ኣብ ባህሊ ከኣ እግደስ'የ። ስለዚ፡ ንዘዕበየኒ ባህልን ሕብረተሰብን ዕሙቕ ኢለ ክፈልጦ እጽዕር። ዝያዳ ዝጽዕረሉን ዝሰርሓሉን ግን ግራፊክስ እዩ።

** እዚ ኵሉ ሞያ ክትዓምም ድማ ንግዜኻ ብኸመይ ትጥቀመሉ?*

- ኣነ ውጽኢት ጻዕረይ ጥራይ ኣይኮንኩን። ውጽኢት ናይ ኣተዓባብያይ'የ ክብል እኽእል። ኣብ ከባብየይ ብዘለዉ ልምድታት፡ ክብርታትን ስነ ምግባርን ተማሂረ። እቲ ዘዕበየኒ ከባቢ፡ ዘምሃረኒ ህዝቢ ናቱ ውጽኢት እየ። ናይ ገዛእ ርእሰይ ጥራይ ኣይኮንኩን። ምሕደራ ግዜይ'ውን ካብዚ ዝነቅል'ዩ። ግዜኻ ከተመሓድር እንተ ኴንካ ሓሳብ ክህሉወካ ኣለዎ። ናይ ርሑቕ ይኹን ናይ ቀረባ ሓሳብ እንተ ዘይብልካ፡ ኣነ ክገብር'የ ዝብል ድሌት ወይ ተበግሶ እንተ ዘይብልካ ግዜኻ ብግቡእ ንኽትጥቀመሉ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። ስለዚ፡ ናትካ ጥሙሕ ክህሉወካ ክኽእል ኣለዎ። ንድሌታትካ ንምጭባጥ ከኣ ግዜኻ ብኣገባብ ክትጥቀመሉ ኣሎካ። ስለዚ፡ ቀዳማይ ነገር ዕላማ ክህሉወካ ኣሎዎ። ካብዚ ድማ'ዩ እቲ ናይ ግዜ ምምሕዳር ዓቕሚ ክመጽእ ዝኽእል።

** ኢንጂነር ባርካት፡ ኣብ ዝሓዝካዮ ሞያ ዕውት ምዃንኳ ብጾትካ ዝምስክሩዎ'ዩ፣ ከም መንእሰይ፡ ሓደ መንእሰይ ዕውት ክኸውን እንታይ ክገብር ኣሎዎ ትብል?*

- ሓደ መንእሰይ ዕዉት ክኸውን እንተ ኰይኑ ንሱ ዝመጽኦ ድሕረ ባይታ ኣጸቢቑ ክርድኦ ኣሎዎ። ስድራና ብዝተፈላለየ መንገዲ ዋጋ ከፊሎም ኣዕብዮሙና'ዮም። ካብኡ ሓሊፉ'ውን ህዝብናን መንግስትናን ብዙሕ ዋጋ'ዩ ከፊሉልና'ዩ። ስለዚ ሓደ መንእሰይ ውልቃዊ ራእይ ክህሉዎ ኣሎዎ። እቲ እትሕልኖ ራእይ ድማ ዝዓበየ ክኸውን ይግባእ። ካብ ስድራኻ ጀሚርካ ህዝብኻ፡ ሃገርካ፡ እናበለ ራእይኻ ብእኡ መንጽር እናዓበየ ክኸይድ ኣሎዎ። ራእይኻ ዓቢ እንተ ኰይኑ ንእኡ ንምጭባጥ ዘገድስካ ነገራት ኣሎ። ስለዚ ዕውት ንኽትከውን ነብስኻ ከተዕቢ ኣሎካ። እዚ ማለት ከኣ ክትመሃር፡ ክትፈልጥ፡ ክትሰርሕ ይግባእ። ንዝተማሃርካሉ ትሰርሓሉ፣ ንትሰርሓሉ ድማ ተዕብዮ። ነቲ ዝተርፈካ ድማ ገና ክትመሃረሉ ኣሎካ። ስለዚ፡ ትምህርቲ ከተቋርጽ የብልካን። ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ነገራት ከተቕልበሉ ክትክእል ኣሎካ። ምኽንያቱ፡ ብዙሕ ካብኡ ክትመሃር ስለ ትኽእል። ራእይኻ ዓቢ እንተ ኰይኑ ንእኡ ንምጭባጥ ነዊሕ ጒዕዞ ክትከይድ ኢኻ። ሓደ ሰብ ለውጢ ከምጽእ ይሓስብ እንተ ሃልዩ ንእኡ ዝምጥን ዓቕሚ ኽህሉዎ ኣሎዎ። ስለዚ ሓደ ሰብ ዕውት ክኸውን እንተ ኰይኑ ርድኢቱ ክነጽር ኣሎዎ።

** ናይ መጻኢ መደባትካን እንታይ እዩ?*

- ሓደ ደስ ዝብለኒ ኣበሃህላ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ “ንዝተገብረ ከተዘንትወሉ፡ ንኽዝንተወልካ ከኣ ክሰርሕ ኣሎካ፡” ዝብል እዩ። ስለዚ ኣነ ኣብዚ ዘለኹዎ ዓብየ፡ ብዙሕ ኣብዚ ሃገር ዝተገብረ ከዘንትወሉ ይደሊ። ኣብዚ ሃገር ዘሎ ጽባቐን ጸጋታትን ከዘንትወሉ ኣሎኒ። ኣነ ብግደይ ድማ ዝዝንቶ ታሪኽ ክሰርሕ እደሊ።

** ኣብ መወዳእታ ከተመስግኖም እትደሊ እንተ'ለው?*

- ሕራይ ዝምስገኑ እኮ ብዙሓት እዮም። ንምጥቃስ ግን ብፍሉይ ንኣደይ ከመስግና እደሊ። ካብ ንእስነተይ ጀሚራ ክሳዕ ሕጂ ብሞራል፡ ብንዋት ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝሓገዘትኒ ከመስግና እፈቱ። ካብኡ ብምቕጻል ንኵሎም ቤተ ሰበይ ከመስግኖም እደሊ። ካብ መዋዕለ ህጻናት ክሳዕ ሕጂ ፍልጠቶም ከይበቀቑ ንዝመሃሩኒ መምሃራነይ ከመስግኖም እደሊ። ካብ ሎሚ ጽባሕ ይሓይሽ ኢሎም ኣብ ኵሉ ጒዕዞይ ንዝሓገዙኒ ኵሎም ከመስግን እፈቱ። ኣብ መወዳእታ ድማ ነዚ ዕድል ንዝሃብክኒ ኣመስግነኪ።

** ኣነ'ውን ኣመስግነካ።*

# ዝኽሪ መስከረም

## ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዶብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

(መበል 13 ክፋል)

### ዘመነ ክፍልታት

ሰውራ ኤርትራ፡ ካብ ኑሓሰ 1965 ክሳብ ኑሓሰ 1969 ኣብ ዝነበረ ዓመታት 'ዘመነ ክፍልታት' ተባሂሉ ዝፍለጥ ካብ ሰውራ ኣልጀርያ ዝተረዕመ ሜላ ቃልሲ'ዩ ተኸቲሉ፡፡

ኣምር ክፍልታት ካብ ወጻኢ ዝተቐድሐ ሕውሓት ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘየእተወ እዩ ዝነበረ፡፡ ላዕላዋይ ባይቶ ከኣ ነዚ ብክፍልታት ተመቓቒልካ ምቅላስ ዝብል ሜላ ከም ዘለዎ ኣብ ኤርትራ ከተግብርዎ ወጢኖም፡፡

እዚ ኣቃውማ'ዚ ምስ ተሓሰበ፡ ላዕለዋይ ባይቶ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሰነ 1965፡ ንኣዘዝቲ ናይተን ኣብ ሜዳ ዝነበራ ጋንታታት፡ ከምኡ'ውን ኑዩም ብኽልተ እብረ ኣብ ሶርያ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዶም ዝነበሩ ተጋደልቲ ንኣኼባ ናብ ከሰላ ጸውዖም፡፡ ኣብዚ ናይ ከሰላ ኣኼብ፡ በቲ ሓድሽ ኣቃውማ ንወተሃደራዊ ዕማማት ሜዳ እትመርሕ 'ቅያዳ ሰውርያ' (ሰውራዊት መሪሕነት) ተባሂላ እትጽዋዕ ኣካል፡ ብኣቦ መንበርነት መሓመድ ሰዒድ ኣደም ቈመት፡፡ 'ቅያዳ ሰውርያ' ናይተን ኣብ ሜዳ ዝቖማ ክፍልታት ላዕለዋይ ሓላፊ ብምዃኑ ምስ ላዕለዋይ ባይቶ ዘራኽብ ጸፍሒ መላግቦ እዩ፡፡ በዚ ሓድሽ ኣቃውማ'ዚ መሰረት ከኣ እቲ ብቑጽሪ ኣማኢት በጺሑ ዝነበረ ሰራዊት ሓርነት፡ ናብ ኣርባዕተ ክፍልታትን ክልተ ጋንታታትን ተመቒሉ፡፡

ቀዳመይቲ ክፍሊ ኣብ ጋሽን ባርካን ትንቀሳቐስ ብማሕሙድ ዲናይ ትምራሕ፣ ካልኣይቲ ክፍሊ ብዑመር እዛዝ ትምራሕ ኣብ ሳሕልን ሰንሒትን ትነጥፍ፣ ሳልሰይቲ፡ ንሓማሴን ሰራየ ኣከለጉዛይ ትሽፍን፡ ብዓብደልከሪም ኣሕመድ ትምራሕ፣ ራብዓይቲ ንሰምሃርን ደንከልን ተጠቓልል ከኣ ብመራሕነት መሓመድ ዓሊ ዑማሮ ቈሙ፡ ብዘይካ'ዚ ካብተን ክፍልታት ወጻኢ በይነን ዝመሓደራ ክልተ ጋንታታት ቆሙ፡ እታ ሓንቲ ናይ ታዕሊም ጋንታ ኮይና፡ ኣብ ትሕቲ መራሕነት ጣሀር ሳልም እዛዝ (ነዊሕ ከይጸንሐ ምስ ተሰውአ ዑመር ዳምር ዝተክኦ) ካልኣይቲ ናይ ሓገዝ ጋንታ ኮይና፡ ኣብ ትሕቲ መራሕነት መሓመድ ዑመር ዓብደላ - ኣቡ ጥያራ ቈሙ፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ልዕሊ ዓመት ጸኒሓ ድማ ኣብ መጀመርታ 1967 ኣብ ሓማሴን እትነጥፍ 5ይቲ ክፍሊ ኣብ ትሕቲ መራሕነት መምህር ወልዳይ ካሕሳይ ተመስረተት፡፡


ምቛም ክፍልታት፡ ዓቢ ስትራተጂያዊ ጌጋ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ መንጎ ተጋደልቲ ከፋፋሊ ስምዒታት ፈጢሩ፡ ንሓይሊ ሰውራ ኣዳኺምዎ እዩ፡፡ ገለ ተንተንቲ ታሪኽ፡ ተጋደልቲ ኣብ ኩሉ ወገናት ኤርትራ ተንቀሳቒሶም ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ስርሒታት ከካይዱ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ሰውራ ዝነበሮ ኣፍልጦ ብምዕባይ ብዙሓት መንእሰያት ክጽንበርዎ ኣብቂዑ እዩ ይብሉ እኳ እንተኾኑ፡ ካሪ ጉድኣቱ ዓቢ ከምዝነበረ ግን ብዙሓት ዝሰማምዕሉ እዩ፡፡ ቀጺልና ኣብ ዘመነ ክፍልታት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ካብ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ግጥማት ሓደት ክንጠቅስ፡፡

### ሕማቕ ተረኽቦ 4ይቲ ክፍሊ ኣብ ቁሩሕ

ኣብ ክፍላ ኑሓሰ 1965፡ እተን ኣብ ሜዳ ዝነበራ ጋንታታት ኣብ ኩር (ኩርዴባ) ተጠርኒፈን ኣባላተን ብሓድሽ ምደባ ኣደላደሉ፡፡ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍሊ ዝተመደብኦ ከባቢ ቀረባ ስለ ዝነበረ ቦታኣን ንምብጻሕ ኣይተሸገራን፡፡ ሳልሰይትን ራብዓይትን ክፍሊ ግን ነዊሕ ኣህጉራዊ ሓደገኛን ጉዕዞ ይጽበየን ነበረ፡፡

ተበጊሰ ምስ ኮነ ልዕሊ ሚእቲ ዝኾኑ ኣባላት ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ካብ ኩር ብምድሪ ማርያ (ንኣሰ ዞባ ኣሰማጥ) ሰንጢቖም ንኣሰ ዞባ ሳብሮ በጽሑ፡፡ ኣብ ሓረውያታት ዝበዝሕ ቦታ በጺሖም ድማ ኣዕረፉ፡፡ ኣብኡ እንከለዉ ከይተወዝዑ ዝተረፉ ወሓሉ ተጋደልቲ ተወሲኾምም እሞ፡ ጉዕዞኦም ንሸነኽ ምብራቕ ኣብሊሎም ቀጸሉ፡፡

ኣባላት ራብዓይቲ ክፍሊ ብ14 መስከረም 1965 ገሊብ በጽሑ፡፡ ንጸባሒቱ ኣንጊሆም ብምብጋስ ኣንፈቶም ንደብባዊ ምብራቕ ገይሮም ንምሕላብ ንጽማን ጉዳፍም ሩባ ሩባ ተጓዒዞም ቁሩሕ ኣተዉ፡፡ መደቦም ኣብ ቁሩሕ ክሓጽቡን ክሕጸቡን ምውዓል እዩ ነይሩ፡፡ ዋርድያ ኣብ ብርኽ ዝበለ ስፍራ ኣውጺኦም ከኣ፡ ኣሰተርሒዮም ኣብቲ ሩባ ተበተኑ፡፡ ብዛዕባ ምንቅስቓሶም ኣቐዲሙ ሓበሬታ ናብ ከረን በጺሑ ነይሩ እዩ፡፡ በዚ ድማ፡ ካብ ከረን ብመኪይን ዝተበገሱ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ደሮ ምሕላብ ኣትዮም ነበሩ፡፡ ካብ ምሕላብ ድማ ብእግሮም ሩባ ሩባ ናብኦም ኣብ ሩባ ሓያሊት ኣዕሪፎም ዝነበሩ ተጋደልቲ መረሹ፡፡ ኣብታ ህሞት'ቲኣ ሓደ ንህንዱድ ኣካይዳ ኮማንድስ ዘስተብሃለ ብዓል ገመል፡ ብህድኣት ቀቅድሚኦም ክጉዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከውሊ ምስ ረኸበ ፍጥነት ገመሉ ወሲኹ እናተሃነፈ ተጋደልቲ ናብ ዝነበሩዎ በጺሑ፡ ወተሃደራት ይመጽኡዎም ከምዘለዉ ነገሮም፡፡ ተጋደልቲ ተቐላጢፎም ካብቲ ሩባ ናብ እግሪ እቲ ዓበይቲ ኽቦታት ተጸጊዖም ድፋዕ ሓዙ፡፡




ጃብር ዕካ

ብኮልኦ ኣንፈት፡ እቶም ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብቲ ተጋደልቲ ዝነበሩዎ ስፍራ ከይበጽሑ ከለዉ፡ ካብ ባሕሪ ንዑዲ ገጹ ዝኣቱ ሰብኣይ ጉፍ በሎም፡፡ "እንታይ ርኢኻ፡ ተጋደልቲ ኣይረኣኻን" ኢሎም ምስ ሓተቱዎ፡ "ኣብዚ ቅድመ'ኹም ኣለዉ" ብምባል ንጹር ሓበሬታ ሃቦም፡፡ ኮማንድስ ሽዑ ተቐላጢፎም ኑቲ ዝነበርዎ ሓይሊ ኣብ ሰለስተ ከፈሉዎ፡፡ ቀዳማይ ጉጅለ ሩባ ሩባ ጉዕዞኣ ከም እትቕጽል ገበሩ፡፡ እተን ክልተ ጉጅለታት ከኣ ብየማንን ጸጋምን ጎቦ ጎቦ እናተገምዓ፡ ካብቲ ተጋደልቲ ድፋዕ ሒዞም ዝጸበዩሉ ዝነበሩ ኩጀታት ዝበርኸ ቦታታት ተቖጻጸራ፡፡ ብፍላይ ብየማናይ (ደብባዊ) ክንፊ ዝወጹ ኮማንድስ ብኹርባ ተኸዊሎም ተጋደልቲ ንዝነበሩዎ ቦታ ሓሊፎም ብደብባዊ ምብራቕ ዝነበረ ቀታሊ ኩጀታት ተቖጻጸሩ፡፡

እቶም ወተሃደራት ናብቶም ተጋደልቲ ምስ ቀረቡ፡ ዋርድያ ዝነበረ ተጋዳላይ ዝተኮሳ ቀዳመይቲ ጥይት ካብኦም ብሩባ ሩባ ዝመጽኡ ዝነበሩ ኮማንድስ ንሓደ መንጠልዩ፡፡ ድሕሪኡ ብርቱዕ ግጭት ኮነ፡ ኣብቲ ንኣስታት ሓደ ሰዓት ዝተኻየደ ግጥም፡ ነዊሕ ርሕቀት ዝውንጨፍ ዘመናዊ ብረታት ዝነበሮም ወተሃደራት ኢትዮጵያ፡ ኑዮም ዝዓረገ ዕጥቒ ዘይነበሮም ተጋደልቲ ከቢድ ሃሰያ ኣውረዱሎም፡፡ 21 ሰውኣት ድማ ኣብ ሩባ ሓያሊት ወደቑ፡፡ ምክትል ሓላፊ ክፍሊ ዓብደላ መሓመድ ባረ፡ መራሒ ጋንታ ጃብር ዕኡ፡ መሓመድ ሰዒድ መንሰዓይ፡ ገለ ካብኦም ኣብታ ረፍዲ ዝወደቑ ኣብ ሶርያ ወተሃደራዊ ታዕሊም ዝወሰዱ ተጋደልቲ ነበሩ፡፡ ቁጽሪ ሰማእታት ቁሩሕ ካብቲ ኣብ ግጥም ቶጎሩባ ዝተሰውኡ ናይ 18 ተጋደልቲ መስዋእቲ ዝዛይድ ብምንባሩ፡ ኣብ ታሪኽ ገድሊ ኤርትራ ክሳብ ሽዑ፡ ኣብ ሓደ ግጥም ዝተሰውኡ እቲ ዝለዓለ ክሳራ ኮይኑ ተመዝገበ፡፡ ንጸባሒቱ እውን እቲ ብእስራኤላውያን ዝተዓለመ ህንዱድ ሓይሊ፡ በቲ ዝረኸቦ ዓወት ሰኺሩ ኣሰር ኣሰሮም ሰዒቡ ኣብ (ባሕሪ) ረበል ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣርባዕተ ተጋደልቲ ኣትረፋሎም፡፡

ተጋደልቲ ራብዓይቲ ክፍሊ፡ ብዘይካ ኑብሶም ምውጻእ እቲ ዝገጠሞም ሓደጋ ስውኣቶም ክልዕሉ ዕድል ዝሁብ ኣይነበረን፡፡ ድሕሪ'ቲ ግጥም ህዝቢ ናይ'ቲ ከባቢ ብትእዛዝ ናይቶም ወተሃደራት፡ ኑቲ ብደም ዝጨቀወ ሬሳታት ተጋደልቲ ኣብ ሓደ ስፍራ ኣከቦ፡ ካብኡ እውን ተተሰኪሞም ናብቲ መካይን ወተሃደራት ኢትዮጵያ ዝነበሩዎ ቦታ ኣብጽሕዎም፡ ከም ዕንጨይቲ ድማ ኣብ ሓንቲ መኪና ጸፍጸፍዎም፡፡ ኑዮም ሓሙሽተ ዝሞቱ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ግን ብጥበትን ብኽብርን ኣብ በይና መኪና ሰቐሉዎም፡፡

ሬሳ 21 ስውኣት ተጋደልቲ ከም ኣሶግዎ ኣብ ሓንቲ መኪና ተጸፍጺፉ፡ ብጸልማት ከረን ኣትዩ ሓደረ፡፡ ኣብ ከረን፡ ሬሳታት ናይቶም ስውኣት ተጋደልቲ ብገመድ ሓኒቖካ ንምንጥልጣል ተባሂሉ፡ ኣብ ኣፍደገ ፋርሻ እኽሊ (ናይ



ዓብደላ መሓመድ ባረ

ለሚ ከዳር) ጉድጓድ ተኳዒቱ ሓጺን ተዋደደ፡፡ ኑቲ ዝተረኽበ 'ዓቢ ዓወት' ክጸንብሉ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ኣስመራ ናብ ከረን ወረዱ፡፡ ሰማእታት ቁሩሕ ሓደ ድሕሪ ካልእ ኣብ ሓጺን ተንጠልጠሉ፡፡ ልቢ ዘይቆጽሩ ህጻናት፡ ነዚ ዘሕንክክ ምርኢት ክዕዘቡ ብጉዴታ ካብ ቤት ትምህርቲ ተኸብኪቦም መጹ፡፡ ኑዮም ህጻናት ኣዝዩ ዘሰንብድን ዘሰሀርግን እዩ ዝነበረ፡፡ ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ሰብ ትካላት፡ ብጉዴ ዋኒናቶም ዓጽዮም ኣብቲ ቦታ ክርከቡ ተጸውዑ፡፡ ብሕፉር ወሽጦም ድማ ኣብ ቅድሚ'ቲ ሬሳታት ክሕልፉ ተገደዱ፡፡ ኣብታ ዕለት'ቲኣ ንዕዳጋ ዝወረደ ዘበለ ሬሳ 21 ስውኣት ከም ቋንጣ ተሰቒሉ ርእዩ ብቑለሉ ዘይወጽእ ጓሂን ስንባደን ኣሕደረ፡፡ ኮታስ ኑቲ ኣረሜናዊ ተግባር ብዓይኑ ዝርኣየ ኩሉ ልቡ ብሓዘን ተሰብረ፡፡ ኣማስያኡ ኑቲ ተንጠልጢሉ ዝወዓለ ሬሳታት ሰራሕተኛታት ማዘጋጃ ቤት ኣውረድዎ፡፡ ገለ ሃገራውያን ብዝዓለውዎ ዓቢ ተገዚፎም ድማ ኣብ ደዓሪ ተቐብሩ - ሰማእታት ቁሩሕ፡፡

ይቕጽል . . .



ሰማእታት ቁሩሕ ኣብ ማእከል ከረን

### ለሚ ኣብ ERI - TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዕላል ተሞክሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:12 | ደክመንት |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ደክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ፍሉይ መደብ |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ደክመንት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሃይ ሃገራዊት ጋንታ ኣትሌቲክስ ኤርትራ
### ሳምሶን፡ ሻሙናይ ኣትዩ

ሚካኤል ተኽለይ
(ቶክዮ - ጃፓን)

ኤርትራዊ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ሳምሶን ኣማረ፡ ትማሊ ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ማራቶን፡ ሻሙናይ ተርታ ሓዘ።

ሳምሶን ዚ ናይ 42 ኪሎሜተር ውድድር ብ2 ሰዓት፡ 10 ደቒቕን 34 ካልኢትን ብምዝዛም እዩ ምስ ቀዳሞት 10 ኣትሌታት ኣትዩ። ኣብዚ ውድድር፡ ብሰንኪ ዝነበረ ብርቱዕ መቕትን ረሃድን፡ ብዙሓት ዓበይቲ ኣትሌታት ውድድር ከቋርጹ ብምግዳዶም፡ ትጽቢት ዘይተገብረሎም ኣትሌታት እዮም ተዓዊቶም። ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ኬንያን ኡጋንዳን ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ኣብዚ ውድድር ወርቂ መዳልያ ይወስዳ እኳ እንተነበራ፡ ሎሚ ዓመት ግን፡ ታንዛንያ እያ ብመገዲ ኣትሌት ፊለክስ ሰምቡ ኣቢላ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ ግዜ ተዓዊታትሉ። ጀርመን ብመገዲ ኣማናል ጴጥሮስ፡ ኢጣልያ ድማ ብመገዲ ኢልያስ ኣዉኒ ተኸቲሎም ብሩርን ነሓስን መዳልያታት ብምውሳድ፡ ካልእ ፍሉይ ኣጋጣሚ ናይቲ ውድድር ነይሩ።

ብ2 ሰዓት፡ 9 ደቒቕን 48 ካልኢትን መዛዘሚ ሕንጻጽ ዝረገጸ ፊለክስን ጴጥሮስን ከም ቀዳዳም ብሸክሊታ ብሓንዘ ቪድዮ (ፎቶ ፊኒሽ) ብምፍልላዮም፡ ኣብ ታሪኽ ናይ'ዚ ውድድር ናይ መጀመርታ ተርእዮ ኮይኑ ተሰኒዱ።



ብሓንዘ ቪድዮ ዝተፈላለዩ ፊለክስን (ጺጋማይ) ጴጥሮስን (የማናይ)

ብዘይካ ኤርትራዊ ኣትሌት ሳምሶንን ናይ ዝሓለፈ ውድድር ክብሩ ክዕቅብ ናብዚ ውድድር ዝመጸ ኡጋንዳዊ ኣቤል ቺላንጋትን ካልእ ምስ ቀዳሞት 10 ብሉጻት ኣትሌታት ዝኣተወ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣትሌት ዘይምንባሩ'ውን ፍሉይ ኣጋጣሚ ኮይኑ ቀሪቡ።

ኤርትራ፡ ኣብዚ ውድድር ብሰለስተ ኣትሌታት እያ ተወኪላ። ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕባ ክብሮም መበል 27 ክኣቱ እንከሎ፡ ንፈለማ ግዜኡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ዝተሳተፈ ኣትሌት ዓብለሎም ከሰተ ድማ፡ መበል 46 ተርታ ሓዘ።

ሳምሶን ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ውድድራት ብዘመዝገቦ ዘሎ ወጽኢት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ክረክብ ኣኽኢልዎ ኣሎ። እዚ ኣትሌት ቀድሚ ናብዚ ውድድር ምምጽኡ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ቻይና ንወሻ ማራቶን ብ2 ሰዓትን 7 ደቒቕን ተዓዊቱሉ ነይሩ። ኣብ ፍርቂ ማራቶን ቦጎታ ኮሎምብያ ከኣ ብሩር መዳልያ ከም ዝወሰደ ይፍለጥ። ኣብ 2024 ኦሎምፒክ ፓሪስ 10ይ ተርታ ሓዚ ዝነበረ ሳምሶን፡ ኣብዚ ናይ ትማሊ ቦዲ ውድድር ሻሙናይ ብምእታዉ ድማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ዝርእዮ ዘሎ ብሉጽ ወጽኢት ኣህጉራዊ ውድድራት ዝምስክር ምኻኑ ይግለጽ።

ቅድሚ'ዚ ውድድር፡ ኦሎምፒካዊት ኣትሌት ዶልሺ ተስፉ ቀዳም ኣብ ማራቶን 10ይቲ ኣትያ እያ። ኣብ 10,000 ሜትሮ ንምውድዳር ዝተዳለወ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት መርሃዊ መብራህቱ ግን፡ ነብሱ እናወዓየ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ከምዘይተጻወተ ተፈሊጡ። እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ጽባሕ 17 መስከረም ኣብ 5 ሽሕ ሜተር ብትሰፉው ኣትሌት ሳይሞን ተስፋገርግሽ ውድድራ ናይ መወዳእታ ጸወታ ክተካይድ እያ።

ኤርትራ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኣትሌቲክስ ዓለም ኣብ 2015 ኣብ ማራቶን ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ግርማይ ገብረስላሴ ወርቂ መዳልያ፡ ኣብ 2009 ድማ ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜተር ብመገዲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዘርኣሰናይ ታደሰ ብሩር መዳልያ ዓቲራ ከም ዝነበረት ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራውያን ተቐመጥቲ ጃፓን ውሑዳት እኳ እንተኾኑ፡ ነዛ ሃገራዊት ግን፡ ሓያል ደገፍን ሞራልን ኣብ ምሃብ ይርከቡ።

## ካልኣይ ዙርያ ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ጀሚሩ

ውድድር ኩዕሶ እግሪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ቀዳም 13 መስከረም ኣብ ስታድዮም ከረን (ጆኮ) ናይ ቀዳማይ ዙርያ ጸወታኡ ዛዚሙ።

ፈለማ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ መኸተን ክንፈን ዝተጻወታ ኮይነን፡ ክንፌ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ካብ ሚካል ሚካኤል ብዝረኸበታ ሽቶ 1-0 ተዓዊታ። ሚካል ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ። ኣብ ጸቡቕ ቁመና ዘላ ሓሬና ድማ፡ ንዓምባርቡብ 2-0 ረቲዓታ። ኣባላ ራህዋ ተወልደመድህን ድማ፡ ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻወትቲ ተሰምያ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ናብ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታታት ኣብ ዝተኻየደሉ፣ ፈለማ መኸተን ንሰረን ገጢመን። መኸተ፡ ኣብ ሳልሰይቲን መበል 16ን ደቒቕ ካብ ኣስመሮም ተኽለን መድሃኔ ረዳእን ብዝረኸበተን ሽቶታት፡ 2-0 ተዓዊታ። መድሃኔ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ናብ 2023 ዕውትቲ ናይ'ዚ ውድድር ዝነበረት ብድሆ'ውን ምስ ክንፌ ገጢማ። እዚ ግጥም ሚዛናዊ ምንቅስቓስ ዝነበሮ ኮይኑ፡ 0-0 ተዛዚሙ። ዕድላት ክንፌ ዘማኸለ ሓላዊ ልዱት ብድሆ ክብሮም ሰለሙን (ኮብራ) ድማ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

በዚ ናይ ቀዳማይ ዙርያ ግጥማት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ምድብ 'ሀ' ቢኒፊር ብ10 ነጥቢ ቀዳመይቲ ኮይና ወዲኣ። ብድሆ ሸሞንተ ነጥቢ፡ ሰንጥቕ ሓሙሽተ፡ ሸዐላ ሰለስተ፡ ሳዋ ከኣ ሓንቲ ነጥቢ ኣኪበን ደሰብአ። ኣብ ምድብ 'ለ'፡ ሓሬና 10 ነጥቢ፡ ክንፌ ሸሞንተ፡ መኸተ ሽዱሽተ፡ ዓምባርቡብ ክልተ፡ ንሰረ ሓንቲ ነጥቢ ኣዋህሊለን ተመሳሳሊ ደረጃ ሓዚን።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ ምድብ 'ሀ'፡ ቢኒፊር ብሸወዓተ ነጥቢ እንክትመርሕ፡ ዓምባርቡብ ሽዱሽተ፡ ሳዋ ሸድሽተ፡ ሸዐላ ሓሙሽተ፡ ሓሬና ቀጺለን ብድሆን ሸዐላን ክጻወታ እንከለዋ፡ ብድሆ ካብ ብስራት ክብሮም ሰለስተ ሽቶታት፡ ብመገዲ ሰለት ተኽለይ፡ ፍርቱና ኤርሚያስን ሳምራዊት ዳዊትን ክኣ፡ ሓሓንቲ ሽቶታት ኣመዝጊባ ብጸፊሕ 6-0 ተዓዊታ። ሃትሪክ ዝሰርሐት ብስራት፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ።

ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታታት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ቀዳመን ተባዕትዮ ድማ፡ ሓሬና ንንሰረ፡ ሳዋ ንመኸተ ብተመሳሳሊ 3-0 ኣሰኒፈንአን።





እዚ ውድድር፡ ሎሚ ሰሉስ ብካልተኡ ዓውዲ ክቕጽል እዩ። ኣብ ኩዕሶ እግሪ ተቐራረቢ ነጥቢ ስለ ዘለወን ድማ፡ ሓያል ተወዳድርነት ክርኢያ ትጽቢት ከምዝግበር፡ ወኪል ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ጎ/ሚኒ/ምክልኻል ካብ ከተማ ከረን ሓቢሩ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ

ፒኤስቪ - ሰይንት ጊሉዋስ 7:45 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ በልባኦ - ኣርሰናል 7:45 ድ.ቀ (ቻነል-2)

ጁቬንቱስ - ቦሩሽያ ዶርትሞንድ 10:00 ድ.ቀ

ቤንፊካ - ቃራባግ 10:00 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ቪያሪያል 10:00 ድ.ቀ (ቻነል-2)

ሪያል ማድሪድ - ማርሴ 10:00 ድ.ቀ

## በሊንግሃም ተመሊሱ

ኣኸፋፋሊ ሪያል ማድሪድ - ጁድ በሊንግሃም፡ ኢጋጠምዎ ካብ ዝጸንሐ መጉዳእቲ ብምሕዋዩ ሎሚ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ምስ ማርሴ ምስ እትገጥም ጋንታኡ ተመሪጹ።

እዚ እንግሊዛዊ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣቲ ካብ ሕዳር 2023 ጀሚሩ ከሳቕዮ ዝጸንሐ ናይ መንኩብ መጉዳእቲ ንምፍዋስ መጥባሕቲ ድሕሪ ምግባር፡ ንዝሓለፉ ኣዋርሕ ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ እዩ ጸኒሑ። ን10 ወይ 12 ሰሙናት ካብ ጸወታ ክርሕቕ'ውን ተገሚቱ ነይሩ።

እንተኾነ ካብ ዝተገመቶ ወጻኢ ቅልጡፍ ሕውየት ብምርኣዩ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ልምምድ ተመሊሱ። ምስቶም ምስ ማርሴ ክገጥሙ ተመሪጾም ዘለዉ 23 ተጻወትቲ'ውን ተጸምቢሩ ኣሎ። ምልሶቱ ድማ ንማስመር ምኽፍፋል ጋንታኡ ተወሳኺ ሓይሊ ክኾኖ ትጽቢት ኣሎ።



## ኡሙቲቲ ጫማኡ ሰቒሉ

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ክለብት ሊዮንን ባርሴሎናን - ሳሙኤል ኡሙቲቲ፡ ካብ ፕሮፈሽናል ጸወታ ኩዕሶ እግሪ፡ ጫማኡ ምስቃሉ ተቓሊሑ።

ኡሙቲቲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ወቕቲ ስፖርት ምስ ሰለስተ ክለባት ክጻወት እንከሎ፡ ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ፡ ካብ 39 ግጥማት ኣይተጻወተን። ክሳብ ምዝዛም ዝሓለፈ ወቕቲ ምስ ሊል ክጻወት ዝሓለየ እዚ ፈረንሳዊ፡ 'ናጻ' ድሕሪ ምጽናሑ፡ ትማሊ ጫማኡ ምስቃሉ ተሓቢሩ።



ዝመጽእ 14 ሕዳር መበል 32 ዓመቱ ዝመልእ ሳሙኤል፡ ምስ ፈረንሳ ተዓዋቲ ዋንጫ ዓለም 2018 ምኻኑ ይዝከር።


## "ያማል፡ ተኣምር እንተኣጋጢምዎ ጥራይ እዩ ኣንጻር ኒውካስል ክጻወት" ጋዜጣ ሙንዶ ዲፖርቲቮ

ወሳኒ ተጻዋታይ ባርሴሎና - ላሚን ያማል፡ ጋንታኡ ድሕሪ ጽባሕ ናብ ኒውካስል ተጓዒዛ ኣብ እተካይዶ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ጸወታ ክበጽሕ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ - ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ።

ያማል፡ ዝሓለፈ ሰሙን ዘይምቹእነት እናተሰምዖ እዩ፡ ንኣህጉራዊ ግጥማት ናብ ሃገሩ እስጳኛ ተጸምቢሩ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ክልተኡ ግጥማት ኣንጻር ቡልጋሪያን ቱርኪን ካብ ምጽዋት ኣይበኾረን። ናብ ክለቡ ግን፡ መጉዳእቲን ናይ ሕቖ ቃንዛን ሓዚ ምምላሱ ይግለጽ። ስለ'ዚ ድማ ምስ ደቂ ጋንታኡ ክለማመድ ኣይከኣለን፣ ሰንበት ንቫለንሽያ 6-0 ኣብ ዝሰዓሩሉ ናይ ሊግ ጸወታ'ውን በኹሩ። ድሕሪ ጽባሕ ሓሙስ ክሰልፍ ዘለዎ ተኽእሎ ከኣ ውሑድ እዩ።

ዝ ዜና'ዚ ዝሰረገሖት እስጳኛዊት ጋዜጣ ሙንዶ ዲፖርቲቮ፡ "ያማል፡ ተኣምር እንተኣጋጢምዎ ጥራይ እዩ ኣንጻር ኒውካስል ክጻወት" ክትብል ድማ ኣብ ዓምዳ ኣውጺኣቶ።



# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ቻይናን ኣመሪካን ንግዳውን ቁጠባውን ዝርርብ የካዩዳ

ቻይናን ኣመሪካን ኣብ መንጎአን ተኸሲቱ ዘሎ ንግዳዊ ወጥሪ ንምፍዃስ ዝዓለመ ንግዳውን ቁጠባውን ዝርርብ ኣብ ከተማ ማድሪድ - ስጳኛ የካይዳ ከም ዘለዋ፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ. ሓቢሩ።

ላዕለዎት ሰብ መዚ. ንግዲ ክልተአን ሃገራት፡ ዝሓለፈ. ሰንበት ንሽዱሽተ ሰዓታት ዝቐጸለ ዝርርብ ከም ዘካየዱ ገሊጾም።

እቲ ትማሊ. ሰኑይ ንኻልኣይ መዓልቲ ዝቐጸለ ዝርርብ፡ ብጸሓፊ ግምጃ ኣመሪካ ስኮት በሰንትን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ቻይና ሄ ሊፈንግን ዝምራሕ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ጉዳይ ወሰኽ ቀረጽ



ኣመሪካን ጉዳይ ማሕበራዊ መራኸቢ. ቲክቶክን ዘተኰረ ከም ዝኾነ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ንግዲ ቻይና ሓቢሩ።

እቲ ዝርርብ፡ ኣብ ዝመጽእ ጥቅምቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ቻይና ዢ ጂን ፒንግን ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ኣብ ደቡብ ኮርያ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ቀጥታዊ ርክብ ባይታ ንምጥጣሕ ዝዓለመ ከም ዝኾነ ዝገለጽ ዘሎ።

ቻይናን ኣመሪካን ኣብ ዝሓለፈ. ሓምለ ኣብ ዘካየዳኦ ሳልሳይ ዙርያ ንግዳዊ ዝርርብ፡ ኣብ ንሓድሕደን ዝወሰንኦ ቀረጽ ንምውንዛፍ ኣቐዲመን ዝበጽሕኦ ስምምዕ ተግባራዊ ከይከኑ ብ90 መዓልታት ክናዋሕ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ ዝዝከር'ዩ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሚያዝያ ኣብ ልዕሊ. ፍርያት ቻይና ናይ 145 ሚእታዊት፡ ቻይና ድማ ኣብ ልዕሊ. ፍርያት ኣመሪካ ናይ 125 ሚእታዊት ወሰኽ ቀረጽ ወሲኻን እኳ እንተ ነበራ፡ ድሒረን ግና ብ115 ሚእታዊት ከጉድላኦ ከም ዝተሰማምዓ ኣይርሳዕን።

## ደብዳብ እስራኤል ኣብ ልዕሊ. ፍልስጤም ጻዕጺዑ

ዝሓለፈ. ሰንበት፡ ጸሓፊ ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ ኣብ ጉዳይ ግጭት እስራኤልን ፍልስጤምን ኣመልኪቱ ንምዝርራብ ናብ እስራኤል ኣብ ዘምርሓሉ፡ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ 30 መንበሪ ኣባይቲ ከም ዘፍረሳ፡ ሰበ ስልጣን ሓማስ ገሊጾም።

ቡቲ መጥቃዕቲ 50 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ብርክት ዝበሉ ካልኦት ሰባት ድማ ከም ዝቘሰሉን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ቲ ወሽመጥ ኣመልኪቱ።

እስራኤል፡ ከም ኣካል ናይቲ ንዕጡቕ ጉጅለ ሓማስ ንምውጋድ ዝኣወጀቶ ኩናት፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ፍልስጤማውያን ተዓቚቦምላ ዝነበሩ ከተማ ክትሕዝ መደብ ከም ዘለዋ እያ ክትገልጽ ጸኒሓ።

ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ. ሓማስን ዕርድታቱን እትገብሮ መጥቃዕቲ ከም እተሐይሎ እያ ተጠንቀቕ ዘላ።

ማርኮ ሩብዮ፡ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ እቶም ብሓማስ ተታሒዞም ዘለዉ 48 እስራኤላውያን ጀሆታትን ምህናጽ ሰፈራታት ኣይሁድ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ኣመልኪታ ክትዘራረብ ከም ትደሊ. ገሊጹ።

እቲ ጸሓፊ ቅድሚ ናብ እስራኤል ምንቃሉ፡ "ብዛዕባ ናይ ዝሓለፈ. ጉዳይና፡ ኣብ መጻኢ. ኣተኩርና ምስ ላዕለዎት መራሕቲ እስራኤል ክንዘራረብ ኢና፡" ኢሉ ምንባሩ እዩ ዝገለጸ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ሩብዮ ናብቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝርከብ ናይ ኣይሁድ ቤት ጸሎት ምብጽሑ ከም ዘካየደ፡ ቤት ጽሕፈቱ ሓቢሩ።

ቤት ጽሕፈት ክፍሊ. ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ቀጺሉ፡ ምብጻሕ ሩብዮ ናብቲ ቅዱስ ቦታ፡ ኣመሪካ ንኢየሩሳሌም ከም ርእሲ ከተማ እስራኤል ኣፍልጦ ከም ዝሃበታ ዘረጋግጽ ምዃኑ ኣረዲኡ።

እስራኤል፡ ንዝሓለፈ. 11 ሰሙናት ናብቲ ወሽመጥ ዝኣቱ ረዲኤት ብምኽልካሉ፡ ቁጽሪ ብጥሜት ዝሞቱ ፍልስጤማውያን እናወሰኸ ይኸይድ ከም ዘሎ እዩ ሚኒስትሪ ጥዕና ፍልስጤም ዝገለጸ።



## ኣመሪካ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ጀሚረን

ኣመሪካ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ትማሊ. ሰኑይ ናይ ኣየርን ባሕርን ሓባራዊ ልምምድ ከም ዝጀመራ ኣፍሊጠን።

እቲ ኣብ ደሴት ጀጁ ናይ ደቡብ ኮርያ ንሓሙሽተ መዓልታት ዝቕጽል ልምምድ፡ ዞባዊ ሰላም ንምርግጋጽ፡ ብቐንዱ ድማ ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኑክሌሳውን ሚሳይላውን ስግኣታት ሰሜን ኮርያ ንምብዳህ ዝዓለመ ምዃኑ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣፍሊጡ።

ሰለተአን ሃገራት፡ ስግኣታት ሰሜን ኮርያ ብሓባር ንምግታእን መልሰ ግብሪ ንምሃብን ምትሕብባረን ከም ዝቕጽላ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እንተ ኾነ፡ እቲ ልምምድ ኣብቲ ከባቢ. ንዘጋንሐ ወጥሪ መሊሱ ከኽርር ከም ዝኽእል፡ ተንተንቲ ይእምቱ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ነቲ ሓባራዊ ልምምድ ትኹንን ዘላ ሰሜን ኮርያ፡ ምላሽ ከም እትህብ ኣጠንቂቓ ኣላ።



## "ጀርመን ምስ ጣሊባን ክትሰማማዕ ትደሊ." ጋዜጣ ቢልድ

ጀርመን፡ ኣብ ጉዳይ ምጥራዝ ኣፍጋናውያን ኣመልኪታ ምስ መንግስቲ ጣሊባን ክትዘራረብ መደብ ከም ዘለዋ ሓቢራ።

ልኡኽ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ጀርመን ናብ ካቡል - ርእሰ ከተማ ኣፍጋኒስታን ብምኻድ፡ ነቲ መስርሕ ዝርርብ ከም ዘካይዶ ድማ፡ በልድ ዝተባህለት ጋዜጣ ናይ'ታ ሃገር ኣቃሊሓ።



በርሊን፡ ኣፍጋናውያን ናብ ዓዶም ንምምላስ ክትሕግዝ ዝኽእል ስምምዕ ምስ ጣሊባን ንምኽታም ትሰርሕ ከም ዘላ እያ እታ ጋዜጣ ትገልጽ።

ጋዜጣ በልድ ቀጺላ፡ ሰበ ስልጣን ጀርመን ምስ ጣሊባን ኣብ ቀጠር ቀጥታዊ ዝርርብ የካይዱ ከም ዘለዉን ንተወሳኺ. ዝርርብ ናብ ከተማ ካቡል ልኡኽ ከም ዝሰዱን ጸብጺባ።

ጀርመን ኣብ 2021 'ምጥራዝ ኣፍጋናውያን ናብ ዓዶም' ዝብል መደብ ከም ዘተኣታተወት ዝፍለጥ እዩ።

መንግስቲ ጀርመን ነቲ ናይ ምጥራዝ ስጉምቲ ዝሓለፈ. ዓመት ኣልዒልዎ ከም ዝነበረ እኳ እንተ ገለጸ፡ ሎሚ ዓመት ግና ክቕጽሎ ምኻኑ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

በርሊን፡ ዝሓለፈ. ዓመት 28 ፡ ሎሚ ዓመት ድማ ብወርሒ ዝተኻሰሱ 81 ኣፍጋናውያን ናብ ሃገሮም ከም ዝጠረዘት እያ በልድ ትጠቅስ።

ዝበዝሐ ኣብ ጀርመን ዘጋጥም ገበናት ብኣፍጋናውያን ከም ዝፍጸም፡ እዚ. ድማ ኣፍጋናውያን ካብታ ሃገር ንኽጥረዙ ጠንቂ ከም ዝኾነ እዩ መንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ዝሰሰ።

ኣብ ጀርመን ክሳብ መወዳእታ 2024 ኣስታት 461,000 ኣፍጋናውያን ከም ዝነበሩ፡ ዝበዝሑ ካብኣቶም ድማ ዘሕጋውያን ስደተኛታት ከም ዝኾኑ፡ ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ይጠቕሱ።

## "ብሪጣንያ፡ ስደተኛታት ናብ ፈረንሳ ምስጓግ ክትጅምር'ያ" ተባሂሉ

መንግስቲ ብሪጣንያ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ስደተኛታት ናብ ፈረንሳ ምስጓግ ከም ዝጅምር፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ. ዝሓለፈ. ቀዳም ሓቢሩ።





እዚ፡ ብመሰረት ብሪጣንያ ምስ ፈረንሳ ዝገበረቶ ሓድሽ ስደተኛታት ናይ ምምላስ ስምምዕ ምዃኑ'ውን፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ሰር ኬር ስታመርን ፕረዚደንት ፈረንሳ ኣማኑኤል ማክሮንን፡ ኣብ ዝሓለፈ. ሓምለ ዝ. ስምምዕ ከም ዝፈረሙሉ ዝዝከር እዩ።

እቲ ናይ ምስጓግ መደብ ኣብዚ. ሰሙን ከም ዝጅመር'ውን በበሲ. ገሊጹ'ሎ።

ኣብ 2025፡ ልዕሊ. 31 ሽሕ ስደተኛታት ብፈረንሳ ኣቢሎም ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ብሪጣንያ ከም ዝኣተዉ. እዮም ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ዝጠቕሱ።

ብመሰረት እቲ ሓድሽ ውዕል፡ ፈረንሳ ብናኣሽቱ ጀላቡ ገይሮም ናብ ብሪጣንያ ዝሰገሩ ስደተኛታት ኣብ ዝሰጉጉሉ እዋን ክትቕበሎም ኢያ።

ብሪጣንያ ብወገና፡ ኑቶም ናብ ፈረንሳ እትሰጎም ስደተኛታት፡ ናይ መገዓዝያ ወጻኢታቶም ባዕላ ከም እትሽፍኖ ኣፍሊጣ ኣላ።

ብሪጣንያ፡ ኣብ ጥምጥም ባሕሪ ፈረንሳ ንዘተዋፈሩ ኣባላት ሓለዋ ዶብ ፈረንሳ ኣብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመት ኣስታት 500 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍል ምዃና፡ ሰነዳት ይሕብሩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ሰንተራል | 16/09/2025 | ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20ፊት ከረን ሆቴል | 120730 |

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services